# ከባቢያዊ ሳይንስ

## 1ይ ክፍሊ



## መፅሓፍ ተምሃራይ

# ነዚ መፅሓፍ ግቡእ ዝኾነ ክንክንን ኣተሓሕዛን ይግበረሉ።

እዚ መፅሓፍ ንብረትን ሃፍቲን ቤት ትምህርትኹም ስለ ዝኾነ ንኸይበላሾ፣ ንኸይቕደድን ንኸይጠፍእን ግቡእ ኣተሓሕዛ ግበሩሉ።

ተምሃሮ እዚ መፅሓፍ እዚ ንስኻትኩም ምስተምሃርኩምሉ ኣገልግሎቱ ዘብቅዕን ዝድርበን እንተይኮነስ ኣሰርኩም ተኸቲሎም ዝመፁ ተምሃሮ እውን ክመሃሩሉን ክጥቀሙሉን ስለዝግባእ፣ ኣገባብ ኣተሓሕዛ መፅሓፍ ድማ ካባኻትኩም ክመሃሩ ስለዘለዎምን እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ክተስተውዕሉን ክትትግብሩን ይግባእ፡፡

- ነዚ መፅሓፍ ምሽፋን
- ኩሉግዘ ናብ ቤት ትምህርቲ መፅሓፍ ሒዝኩም ምምፃእ፣
- ኣብ ሽፋን ይኹን ኣብ ውሽጢ እዚ መፅሓፍ ዝኾነ ዓይነት ምልክት ወይ ፅሑፍ ዘይምግባርን ዘይምፅሓፍን፣
- ካብዚ መፅሓፍ ዝኾነ ገፅ ዘይምቕዳድ፣
- እናተቐባበልኩም እንትትሰርሑ ግቡእ ጥንቃቐ ምግባር፣
- ኣብ ቦርሳ ይኹን ኣብ ኢድኩም እንትትሕዙ ከይቕደድን ከይዕፀፍን ምጥንቃቕ፡፡

# ከባቢያዊ ሳይንስ

# 1ይ ክፍሊ

# መፅሓፍ ተምሃራይ

## መዳለዊ፡- ዳይሬክቶሬት ምድላውን ትግበራን ስርዓተ ትምህርቲ


**ኤዲተራት**

**ቀዳማይ ሕታም መስከረም 2004 ዓ/ም**

ማህቶት ኣበራ

ሓዱሽ ወ/ማርያም

ኣስመላሽ ባራኺ

ሰለሞን በየነ

ጠዓመ ገብሩ

ኣለም ኣፅብሃ

ሃፍቱ ኣርኣያ

ኣስመላሽ ኣዳነ

ገ/መስቀል ገ/እግዚኣብሄር

**መመሓየሽቲ ኣብ 2011 ዓ/ም**

ሙሉጌታ ግደይ መዓሾ

ፍረወይኒ ኪዳነ ወንጌለኣብ

ገ/እግዚኣብሄር ገ/ፃድቓን ገ/ኪዳን



ግንቦት 2011 ዓ/ም

© መሰል ሕትመት ብቢሮ ትምህርቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
ሕልው እዩ።
ቀዳማይ ሕታም 2004 ዓ/ም
ተመሓይሹ ዝተሓተመሉ 2011 ዓ/ም

# ሰደቓ ትሕዝቶ

ምዕራፍ ሓደ ..................................................................................... 1
ንሕና ............................................................................................ 1
ምዕራፍ ክልተ................................................................................. 39
ስድራ............................................................................................ 39
ምዕራፍ ሰለስተ .............................................................................. 74
ቤት ትምህርትና ............................................................................. 74
ምዕራፍ ኣርባዕተ........................................................................... 105
ጣብያና ........................................................................................ 105
*መፍትሒ ቓላት*............................................................................. 141

# ምዕራፍ ሓደ


# ንሕና

## 1.1 ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትና

ነዚ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትኩም ትፀርሑ።
- ደጋዊ ክፍለ ኣካላትኩም ተርእዩ።
- ተግባራት ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትኩም ትዛረቡ።
- ንደጋዊ ክፍለ ኣካላትኩም ትከናኸኑ።

### 1.1.1 ስም ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትና




ስእሊ 1.1 ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትና

ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትና ዝበሃሉ ርእሲ፣ ፀጉሪ፣ እዝኒ፣ ዓይኒ፣ ኣፍንጫ፣ ክሳድ፣ ኢድ፣ ኣፃብዕቲ፣ ኣፍልቢ፣ ከብዲ፣ ማዕጥቆ፣ ኣፃብዕቲ ኢድ፣ ብርኪ እግሪ፣ እግሪ፣ ኣፃብዕቲ እግሪ፣ እዮም።

**ንጥፈት 1.1**

1. ተምሃሮ ኣብ ስእሊ 1.1 ዝረአ ምስሊ ናይ ምንታይ እዩ?
2. ብመሰረት እቲ ስእሊ በብክልተ ኮይንኩም ስም ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትኩም እናተዛረብኩም ኣርእዩ፡፡

## መልመዲ1.1

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**




1. ካብ ክሳድ ንላዕሊ ዘለዉ ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትና ተዛረቡ።
2. ካብ ክሳድ ንታሕቲ ዘለዉ ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትና ኣርእዩ።

### 1.1.2 ተግባር ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትና

ተምሃሮ ተግባራት ደጋዊ ክፍለ ኣካላቶም ብፀዋታ መልክዕ ዓይኒ ንምርኣይ፣ እግሪ ንምንቅስቓስ፣ ኢድ ንምስራሕ፣ እዝኒ ንምስማዕ፣ ኣፍንጫ ንምጭናው እናበልኩም ተዛረቡ።

**ንጥፈት 1.2**

**ኣየናይ ክፍለ ኣካላት ሰውነት ተጠቒሞም ይሰርሑ ኣለዉ?**


| ስእሊ | ዝተጠቐምዎ ክፍለ ኣካላት ሰውነት |
|---|---|
|  | |
|  | |
|  | |
|  | |
|  | |

ስእሊ 1.2 ተግባራት ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትና

## መልመዲ 1.2

1. ተግባራት ዓይኒ፣ ኢድ፣ እግሪ፣ እዝኒ፣ ኣፍንጫ ደጋዊ ክፍሊ ኣካላት ተዛረቡ፡፡
2. ካብ ደጋዊ ክፍሊ ኣካላት ሰውነትኩም በየናይ ሬድዮ ተዳምፁ?
3. ንምርኣይ ዝጠቅም ክፍሊ ኣካላት ሰውነትና እንታይ ይበሃል?
4. ካብ ደጋዊ ክፍሊ ኣካላት ሰውነትኩም በየናይ ተጫንዉ?

**ንጥፈት 1.3. ንምንታይ ይጠቅሙ?**

| ክፍሊ ኣካል ሰውነት | ረብሓ |
|---|---|
|  | |
|  | |
|  | |
|  | |
|  | |
|  | |

ስእሊ 1.3 ደጋዊ ክፍሊ ኣካላት ሰውነትና

### 1.1.3 ክንክን ደጋዊ ክፍለ ኣካላት ሰውነትና፦


ኢ.ድና መዓዝ ንሕፀብ?



ስእሊ 1.4 ምሕፃብ ኢ.ድ

ቅድሚ ምግቢ ንምንታይ ንሕፀብ?

ድሕሪ ምግቢ ንምንታይ ንሕፀብ?



ስእሊ 1.5 ምሕፃብ ኢ.ድ




ስእሊ 1.6 ምሕፃብ ኢድ





ስእሊ 1.7 ምሕፃብ ኢድ




ስእሊ 1.8 ምሕፃብ ገፅ

ምሽት ቅድሚ ምድቃስና ንምንታይ ንሕፀብ?

እግርና ንምንታይ ንሕፀብ? እግርና መዓዝ ንሕፀብ?




ስእሊ 1.9 እግሩ እናተሓፀበ

- ኢድ፣ ፀጉሪ፣ ገፅን እግሪን በብመዓልቱ ምሕፃብ
- በብመዓልቱ ፀጉርና ምስንታር የድሊ።
- በብመዓልቱ ኣስናንና ምፅራይ የድሊ።
- በብመዓልቱ ፅፍርና ምፅራይ የድሊ።
- ኣፍንጫናን እዝንናን ብፅሬት ምሕላው ይግባእ።

## ሓለዋ ፅሬት ሰውነትና

ሰውነትና መዓዝ ንሕፀብ?

በብእዋኑ ሰውነትና ምሕፃብ የድሊ።



ስእሊ1.10 ምሕፃብ ሰውነትና

ፀጉርና ብብመዓልቱ ንተሓፀብ



ስእሊ 1.11 ምሕፃብ ፀጉሪ

ሰውነትናን ፀጉርናን ብብመዓልቱ ክንሕፀብ ኣለና፡፡

ፀጉርና እንተረሲሑ ባልዕ ስለዝፈጥር ንሓምም፡፡

ብብመዓልቱ ፀጉርና ምስንታር የድሊ።

ምስንታር ፀጉሪ



ፀጉራ እናሰንተረት



ፀጉራ እናሰንተረትላ



ፀጉሩ እናሰንተረ

ስእሊ 1.12 ምስንታር ፀጉሪ

## ምፅራይ ስኒ




ምምዋፅ ስኒ ምቡራሽ ስኒ ምጉፅጓፅ ኣፍ

ስእሊ 1.13 ምፅራይ ስኒ

# ክንክን ፅሬት ኣፍንጫናን እዝንናን

## ምፅራይ ኣፍንጫ


| |
|---|
| ንጥፈት 1.4 ኣብ ስእሊ 1.14 ካብ ዝረኣይ ምፅራይ ኣፍንጫ ትኽክል ዝኾነ ኣየናይ እዩ? |



ሀ ለ ሐ

ስእሊ 1.14 ምፅራይ ኣፍንጫ

# ምፅራይ እዝኒ



ስእሊ 1.15 ምፅራይ እዝኒ

**ንጥፈት 1.5**

**ነዞም ስእልታት ምፅራይ እዝኒ ብምርኣይ ግቡእን ዘይግቡእን ብምባል መልሱ።**

| ስእልታት | ግቡእ | ዘይግቡእ |
|---|---|---|
|  ብእንጨይቲ እናፀረገ | | |
|  ብፅሩይ ጨርቂ እናፀረገት | | |
|  ብበሊሕ ነገር እናፀረገት | | |

ስእሊ 1.16 ምፅራይ እዝኒ

## ምቑራፅ ፅፍሪ



ስእሊ 1.17 ምቐራፅ ፅፍሪ

ፅፍርኹም ቑረፅዎ።

**መልመዲ1.3**

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት "ሓቂ" ወይ "ጌጋ" ብምባል መልሱ፡፡**

1. ካብ ምድቃስና ምስተልዓልና ገፅና ንሕፀብ፡፡
2. ቅድሚ ምድቃስና እግርና ምሕፃብ ፅቡቕ እዩ፡፡

## 1.2 መሰረታዊ ድልየታት ሰብ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፡-

- ሰለስተ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ትዝርዝሩ።
- ረብሓ ሕድ ሕድ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ትገልፁ።

### 1.2.1 ሰለስተ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ

ሰለስተ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ዝበሃሉ ምግቢ፣ መፅለልን ክዳንን እዮም።

ነቲ ስእሊ ተዓዘቡ፡፡

**ምግቢ**


እቶም ቆልዑ እንታይ ይገብሩ ኣለዉ?



ስእሊ 1.18 እናተመገቡ

**መፅለሊ**

እዚ ስእሊ እንታይ እዩ?



ስእሊ 1.19 ዓይነት መፅለሊ

ክዳን፡-

እዚ ኣብ ስእሊ ዝረኣዩ ክዳውንቲ እንታይ እንታይ እዮም?




ስእሊ 1.20 ዓይነታት ክዳን

| ንጥፈት 1.6. |
|---|
| ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ኣብ ክፍሊ ተዛረቡ። |
| 1. ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ዓይነታት ምግቢ |
| 2. ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ዓይነታት ክዳን |
| 3. ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ዓይነታት መፅለሊ |

## 1.2.2 ረብሓ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ

### ሀ. ረብሓ ምግቢ




ስእሊ 1.21 ረብሓ ምግቢ

**ንጥፈት 1.7.**

እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብቓል መልሱ፡፡

1. ምግቢ እንተዘይበሊዕና እንታይ ንኸውን?
2. ኣብ ገዛኹም እትበልዕዎም ልሙድ ምግብታት ዘርዝሩ፡፡

ምግቢ ንጥዕና፣ ንዕብየትን ንጥንካረን ኣካላት ሰብ ጠቓሚ እዩ፡፡

## ለ. ረብሓ ክዳን

**ንጥፈት 1.8.** ክዳን ንምንታይ ንኸደን?

ክዳን ካብ ፀሓይ፣ ዝናብ ቁርን ንፋስን ንምክልኻልን ንምምልኻዕ ይጠቕም።





ካብ_______________ንምክልኻል፡፡ ካብ________________ንምክልኻል፡፡





ካብ______________ንምክልኻል፡፡ ካብ_______________ንምክልኻል፡፡

ስእሊ 1.22 ረብሓ ክዳን

**ንጥፈት 1.9**

ኣብ እዋን ሙቐት እንታይ ዓይነት ክዳን ንኽደን? ንምንታይ?

ኣብ እዋን ዛሕሊ እንታይ ዓይነት ክዳን ንኽደን?

ንምንታይ?

ኣብ እዋን ሙቐት እንኽደኖም ክዳውንቲ ርቕቕ ዝበሉን ፀዓዱን ክኾኑ ኣለዎም፡፡

ኣብ እዋን ዛሕሊ እንኽደኖም ክዳውንቲ ድማ ረጎድትን ሙቐት ዝህቡን ክኾኑ ኣለዎም፡፡

ክዳን ካብ ዛሕልን፣ ዋዕን ንምክልኻልን ንፅባቐን ይጠቕመና፡፡

**ንጥፈት 1.10**

ክዳን ካብ ምንታይ ይስራሕ?

ክዳን ካብ ጡጥ፣ ናይሎንን ቆርበትን ይስራሕ።




ስእሊ 1.23 ዝተሰርሐሎም ነገራት

## ሐ. ረብሓ መፅለሊ (ገዛ)

ንጥፈት 1.11. መፅለሊ (ገዛ) ንምንታይ ይጠቅም?

ገዛ ካብ ________ይከላኸል፡፡

ገዛ ካብ ________ይከላኸል፡፡

ገዛ ካብ ________ይከላኸል፡፡

ገዛ ካብ ________ይከላኸል፡፡

ኣብ ከባቢና ካብ ዝተፈላለዩ ነገራት ዝተሰርሑ ገዛውቲ ኣለዉ። ገዛ ካብ ፀሓይ፣ ዛሕሊ፣ ዝናብ፣ ንፋስን ጎዳእቲ እንስሳት ዘገዳምን ንምክልኻል ይጠቕመና።





1 2

ስእሊ 1.24 ዓይነታት መፅለሊ

1. መፅለሊ ቁፅሪ 1ን 2ን ካብ ምንታይ ተሰሪሖም?

2. መፅለሊ ቁፅሪ 1 ካብ ገዛ ቁፅሪ 2 ብምንታይ ይፍለ?

መፅለሊ ካብ እምኒ፣ ጭቃ፣ ሳዕሪ፣ ዕንፀይቲ፣ ቆርቆሮ፣ ጡብ፣ ስሚንቶን ሑፃን ይስራሕ።

**ንጥፈት 1.12.**

ኣብ ቤት ትምህርትናን ከባቢናን ዘለዉ ህንፃታትን መፅለሊታትን ኣስተባህሉ። ካብ ምንታይ ተሰሪሖም?

## መልመዲ 1.4

**ሀ) ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡**

1. ምግቢ ንምንታይ ይጠቅም?

ሀ) ንጥንካረ ለ) ንዕብየት ሐ) ንጥዕና መ) ኩሎም

2. ክዳን ካብ ምንታይ ይስራሕ?

ሀ) ጡጥ ለ) ቆርበት ሐ) ናይሎን መ) ኩሎም

ለ) ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1) ሰለስተ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ዘርዝሩ።

2) ረብሓ ሕድሕድ መሰረታዊ ድልየታት ሰብ ዘርዝሩ።

## 1.3 ንሰብ ዘጥቅዑ ልሙዳት ሕማማት

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ከጥቅዕልኩም ዝኽእሉ ልሙዳት ሕማማት ትፀርሑ።
- ልሙዳት ሕማማት ንምውጋድ ክግበር ዝግባእ ጥንቃቐ ትገልፁ።

## 1.3.1 ልሙዳት ሕማማት

ሓሚምኩምዶ ትፈልጡ? ስድራ'ኹምከ?

በየናይ ዓይነት ሕማም ተደጋጋሚ ሓሚምኩም ትፈልጡ?

ልሙዳት ሕማማት ዝበሃሉ ከም ሰዓል፣ ዓሶን ውፅኣትን ዝበሉ እዮም።

እስቲ ነዞም ስእልታት ንተዓዘቡ፡፡




ሀ. ስእሊ ሰዓል ዝሓዞ ሰብ   ለ. ስእሊ ዓሶ ዝሓዞ ሰብ   ሐ. ስእሊ ውፅኣት ዝሓዞ ሰብ

ስእሊ 1.25 ልሙዳት ሕማማት

### 1.3.2 ኤድስ

ኤድስ እንታይ እዩ?

ኤድስ ቀዛፊ ሕማም እዩ፡፡

ኤድስ መድሓኒት ዘይብሉ ሕማም እዩ፡፡

ኤድስ ብምንታይ ይመሓላለፍ? ኤድስ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብደም ምንክኻእ ዝመሓላለፍ ሕማም እዩ።

ብዙሓት ሰባት ብኤድስ ይሞቱ ኣለዉ፡፡

### 1.3.3 ምክልኻል ሕማም ሕማማት

ልሙዳት ሕማማት ብኸመይ ንከላኸሎም?

**ምክልኻል ሕማም ሰዓል**

ሕማም ሰዓል ብኣየር ይመሓላለፍ፡፡

ሕማም ሰዓል ከይመሓላለፈና ገዛና ብዝግባእ ኣየር ክኣትዎ ይግባእ።



ስእሊ 1.26 መንዲል ተጠቂሙ እናሰዓለ

ሰዓል ክሕዘና እንተሎ መንዲል  ተጠቂምና ክንስዕል ኣለና፡፡

## ምኽልኻል ሕማም ውፅኣት፦

- ሕማም ውፅኣት ካብ ሰውነትና ብዝወፅእ ፍታን ይመሓላለፍ፡፡
- ሕማም ውፅኣት ከይሕዘና ካብ ሽቓቕ ምስተመለስና ኢ.ድና ብማይን ሳሙናን ክንሕፀብ ኣለና፡፡






ስእሊ 1.27 ፍታን እናወፀ ስእሊ 1.28 ኢ.ዱ ብማይን ብሳሙናን እንትሕፀብ

## ምክልኻል ሕማም ዓሶ

ኣብ ከባቢ.ኹም ሕማም ዓሶ ኣሎዶ? እንተልዩ ከመይ ትከላኸልዎ?



ስእሊ 1.29 ብዓሶ ዝሓመመ ሰብ

ሕማም ዓሶ ብጣንጡ ይመሓላለፍ፡፡

**ሕማም ዓሶ ንምኽልኻል**

- መራብሒ ጣንጡ ዝኾነ ዝዓቖረ ማይ ምድራቕ፣
- ምጥቃም ዛንዜራ ዝበሉ እዮም።



ስእሊ 1.30 ኣንጎበር (ዛንዜራ) ዝተገበሮ መደቀሲ ሰብ




ስእሊ 1.31 ተምሃሮ ከባቢ ቤት ትምህርቶም እናፅረዩ ፣ ጉድጓድ ማይ እናደፈኑ

# መከላኸሊ ኤድስ

**ሰብ ዝተጠቐመሎም በላሕቲ ነገራት ኣይትጠቐሙ።**



ስእሊ1.32 በላሕቲ ነገራት



ስእሊ 1.33 ብኤድስ ዝሓመመ ሰብ

## መልመጂ 1.5

**ሀ) ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት "ሓቂ" ወይ "ጌጋ" ብምባል መልሱ፡፡**

1. ሕማም ዓሶ ብጣንጡ ይመሓላለፍ።
2. ሕማም ሰዓል ዝሓዞ ሰብ መንዲል ክጥቀም የብሉን።
3. ዛንዜራ ጣንጡ ንኽይትነኽሰና ይከላኸለልና።

**ለ) ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺር መልሲ ሃቡ።**

1. ብጣንጡ ዝመሓላለፍ ሕማም እንታይ ይበሃል?
2. ሕማም ውፅኣት ብምንታይ ይመሓላለፍ?
3. ሕማም ኤድስ ብምንታይ ይመሓላለፍ?

## 1.4 ኣካላት ስምዒት


ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ሓሙሽቲኦም ኣካላት ስምዒት ትፅውዑ።
- ተግባራት ኣካላት ስምዒት ትገልፁ።

### 1.4.1 ስም ኣካላት ስምዒት

ክንደይ ኣካላት ስምዒት ኣለዉና?

ኣካላት ስምዒት እንመን እዮም?






ስእሊ 1.34 ኣካላት ስምዒት

ሓሙሽቲኦም ኣካላት ስምዒት ዝበሃሉ፡-

ዓይኒ፣ እዝኒ፣ ኣፍንጫ፣ መልሓስን፣ ቆርበትን እዮም፡፡

## 1.4.2 ሓፈሻዊ ተግባራት ኣካላት ስምዒት

<table>
<tr><td colspan="2">ንጥፈት 1.13</td></tr>
<tr><td colspan="2">ስእልን ተግባሮምን ኣዛምዱ።</td></tr>
<tr><td></td><td>ንምርኣይ</td></tr>
<tr><td></td><td>ንምጭናው</td></tr>
<tr><td></td><td>ንምድሕሳስ</td></tr>
</table>

| | |
|---|---|
|  | ንምስማዕ |
|  | ንምጥዓም |

ስእሊ 1.35 ኣካላት ስምዒት

## 1.4.3 ዓይኒ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ልሙዳት ፍልፍል ብርሃን ተለልዩ።
- ሽውዓተ ዓይነት ሕብሪ ተለልዩ።
- ስምዒት ምርኣይ ተጠቒምኩም ግቡእ ትዕዝብቲ ትገብሩ።

ዓይኒ ንምንታይ ይጠቅም?

ዓይኒ ንምርኣይ ይጠቅም። ዓይኒ ንምፍላይ ሕብሪ ይጠቅም።

## ፍልፍላት ብርሃን

ፍልፍላት ብርሃን ዝብሃሉ እንመን እዮም?

**ንጥፈት 1.14**

ናይዞም ዝስዕቡ ፍልፍላት ብርሃን ስሞም ተዛረቡ፡፡



ስእሊ 1.36 ፍልፍላት ብርሃን

## ምፍላይ ሕብሪ

**ንጥፈት** 1.15. ሕብሪ ዝተኸደንኩምዎ ክዳውንቲ ተዓዘቡ
እንታይ ዓይነት ሕብሪ ከም ዘለዎም ተዛረቡ?

ሕብረታት እንብሎም ቀይሕ፣ ብጫ፣ ዕንቆዋይ፣ ቆፃል፣ ቡናዊ፣ ፀሊም፣ ፃዕዳ፣ ዝበሉ እዮም።

**ንጥፈት 1.16.**

ኣብ ከባቢ'ኹም ዘርከቡ ኣቑፅልትን ዕንበባታትን ተጠቒምኩም ሕብርታት ስርሑ፡፡

## 1.4.4. እዝኒ




ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ልሙዳት ፍልፍል ድምፂ ተለልዩ።
- ስምዒት ምድማፅ ተጠቒምኩም ግቡእ ትዕዝብቲ ትገብሩ።




እዝኒ ንምንታይ ይጠቅም?

እዝኒ ንምስማዕ ዝጠቕመና ኣካል ስምዒት እዩ። እዝኒ ድምፂ ንምፍላይ ዝጠቕመና ኣካል ስምዒት እዩ።

## ምፍላይ ልሙዳት ድምፅታት

| **ንጥፈት 1.17**<br>ናይዞም ቀሪቦም ዘለዉ እንስሳት ድምፂ በብተራ ኣብ ክፍሊ ኣስምዑ። |
|---|
| ምስሊ እንስሳት |
|  |
|  |
|  |
|  |

ስእሊ 1.37 እንስሳ ዘቤት


| ንጥፈት 1.18<br>ናይዞም ቀፂሎም ዘለዉ እንስሳት ዘገዳም ድምፂ<br>በብተራ ኣብ ክፍሊ ኣስምዑ። |
|---|
| ምስሊ እንስሳት |
|  ኳኽ |
|  ጭንቁራዕ |
|  ዝብኢ |
|  ቡኻርያ |

ስእሊ 1.38 እንስሳት ዘገዳም


**ንጥፈት 1.19**

**ምፍላይ ድምፂ ሞተር**

**ናይዞም ዝስዕቡ ድምፂ ሞተራት ኣምሲልኩም ኣስምዑ፡፡**



ሞተር ብስክሌት



መኪና



ኣውሮፕላን

ስእሊ 1.39 ሞተራት

**ንጥፈት 1.20**

**ምፍላይ ድምፂ ሰባት**

**እንትትሕጐሱን እንትትሓዝኑን እንታይ ዓይነት ድምፂ ተስምዑ?**

| እንታይ ዓይነት ድምፂ የስምዑ? |
|---|
| ስእሊ |
|  እንትትሕጎስ |
|  እንትትሓዝን |

ስእሊ 1.40 ስምዒት ሰባት

**ንጥፈት 1.21**

ኣብ ከባቢኹም ክርከቡ ዝኽእሉ መሳርሒታት ሙዚቃ ኣብ ክፍሊ ብምምፃእ ድምፆም ኣስምዑ።




ከበሮ



ክራር



ሻምቦቆ



እምብልታ

ስእሊ 1.41 ምጥቃም ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ሙዚቃ

## 1.4.5 መልሓስ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፡-

- ጣዕምታት ልሙዳት ዓውደ ኣካላት ትገልፁ።
- ኣካል ስምዒት መልሓስ ተጠቒምኩም ጣዕሚ ዓውደ ኣካላት ትፈልዩ፣

መልሓስ ንምንታይ ይጠቅም?



መልሓስ ጣዕሚ ንምፍላይ ዝጠቕመና ኣካል ስምዒት እዩ፡፡

መረር፣ መፂፅ፣ ጥዑም ዝኾኑ ነገራት እንፈልየሉ እዩ።

ሓደ ነገር ዝጎድእ ምዃኑን ዘይምዃኑን እንተይፈለጥኩም ኣይትጥዓሙ፡፡

**ንጥፈት** 1.22

ጣዕሚ ምግቢ ብምንታይ ይፍለ?

| ስእሊ | ጣዕሚ |
|---|---|
|  **ጉፅ** | |
|  **ለሚን** | |
|  **ጨው** | |
|  **መዓር** | |

ስእሊ 1.42 ጣዕሚ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ

### 1.4.6 ኣፍንጫ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ልሙዳት ዓውደ ኣካላት ፅቡቕ ወይ ሕማቕ ጨና ብምግላፅ ተለልዩ።
- ስምዒት ምጭናው ተጠቒምኩም ግቡእ ትዕዝብቲ ትገብሩ።

- ኣፍንጫ ንምንታይ ይጠቕም?
- ኣፍንጫ ነገራት ብምጭናው ንምፍላይ ይጠቕም

ጨና ልሙዳት ዓውደ ኣካላት ሰርናቒ፣ ፅቡቕ፣ ሕማቕ ዘለዎም ጨና እዮም።



ስእሊ 1.43 ኣፍንጫ

**ንጥፈት 1.23**

**ዕቡቕን ሕማቕን ጨና ፍለዩ፡፡**

| ስእሊ | ዓይነት ጨና |
|---|---|
|  ውድ | ዕቡቕ |
|  ሽቓቕ | |
|  ዕጣን | |
|  ዕምበባ | |
|  ጥምቢ | |

ስእሊ 1.44 ዝተፈላለዩ ጨና ዘለዎም ነገራት

**ንጥፈት 1.24**

ሕማቕ ጨና እንትጨንወኩም እንታይ ይስመዐኩም?

ዝተሰመዐኩም ስምዒት ኣምሲልኩም ኣርእዩ?

ዘይትፈጥልዎ ነገር ጨንኡ ክምርዘኩምን ከስዕለኩምን ስለዝኽእል ኣይተጫንዉ፡፡

## 1.4.7. ቆርበት

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ነገራት ብምድህሳስ ፍሩይ፣ ሓርፋፍ፣ ወይ ልሙፅ፣ ውዑይ ወይ ዝሑል፣ ብምባል ትገልፁ።
- ስምዒት ምድህሳስ ተጠቒምኩም ትዕዝብቲ ትገብሩ።

ሓርፋፍን ልሙፅን ብምንታይ ኣካል ስምዒት ንፈሊ?



ስእሊ 1.45 ምስሊ ኢድ

ረብሓ ኢድ ንምድህሳስ ነገራት ይጠቅም።

| ንጥፈት 1.25<br>ብመሰረት ዝተውሃበ ስእሊ ሪኢኹም ሓርፋፍ፣ ልሙፅ፣ ዝሑል፣ ውዑይ እናበልኩም ብምዝማድ ተዛረቡ | |
|---|---|
| <br>እምኒ | |
| <br>በረድ ዝሓዘ ኩባያ | |
| <br>ሻሂ | |
| <br>መስትያት | |

ስእሊ 1.46 ዝተፈላለዩ ነገራት

## መልመዲ 1.6

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት "ሓቂ" ወይ "ጌጋ" ብምባል መልሱ፡፡**

1. ዓይኒ ንምጥዓም ይጠቕመና።
2. ንምድህሳስ ዝጠቕመና ኣካል ስምዒት ቆርበት እዩ፡፡
3. ብመልሓስና ሕብረታት ንፈሊ፡፡

**ለ. ትኽክል ዝኾነ መልሲ መሪፅኹም ተዛረቡ።**

1. ንምስማዕ ዝጠቕመና ኣካል ስምዒት መን እዩ?

   ሀ. ርእሲ ለ. ፀጉሪ ሐ. እዝኒ መ. ኢድ

2. ንምኻድ ዝጠቕመና ደጋዊ ክፍለ ኣካል መን ይበሃል?

   ሀ. ኢድ ለ. ርእሲ ሐ. መዕጥቖ መ. እግሪ

3. ብምንታይ ነጫኑ?

   ሀ. ብርእስና ሐ. ብኣፍንጫና

   ለ. ብኢድና መ. ብዓይንና

**ሐ. ሓፂር መልሲ ብቓል ተዛረቡ።**

1. ካሮት እንታይ ዓይነት ሕብሪ ኣለዎ?
2. ፍልፍል ብርሃን ካብ ዝኾኑ ክልተ ነገራት ጥቐሱ።
3. ህዝቢ ከባቢኹም ካብ ዝጥቀመሎም ክልተ ባህላዊ መሳርሒታት ሙዚቃ ጥቐሱ፡፡
4. ልሙፃት ዝኾኑ ክልተ ኣብነታት ሃቡ፡፡
5. ፅቡቕ ጨና ካብዘለዎም ክልተ ኣብነታት ጥቐሱ፡፡

# ምዕራፍ ክልተ

# ስድራ

## 2.1 ኣባላት ስድራ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ :-

- ኣባላት ስድራኹም ትዘርዝሩ።
- ብፅሒት ስራሕ ኣባላት ስድራኹም ትገልፁ።
- ሓገዝቲ፣ ሓለይትን ግዱሳትን ምዃንኩም ንኻልኦት ስድራ ብተግባር ተርእዩ።

### 2.1.1. ዝርዝር ኣባላት ስድራ

ኣባላት ስድራ እንታይ ማለት እዩ?

ኣባላት ስድራ ዝበሃሉ ኣብ ሓደ ገዛ ዝነብሩ ኣቦ፣ ኣዴ፣ ኣሕዋት፣ ኣሓትን ካልኦትን እዮም።

ኣብ ገዛኹም ዝርከቡ ኣባላት ስድራ ተዛረቡ?



ስእሊ 2.1 ኣባላት ስድራ

**ንጥፈት** 2.1 ብጉጅለ ከም ኣቦ፣ ኣደ፣ ኣሕዋት፣ ኣሓትን ካልኦትን ኮይንኩም ብተግባር ኣብ ክፍሊ ስርሑ።

ንስድራናን ንዝዓብዩናን ሰባት ክነኽብር ይግባእ።



ስእሊ 2.2 ደቆም ንወለዶም እንተኽብሩ



ስእሊ2.3 ንወለዱ እንትምእዘዝ



ስእሊ2.4 ንወላዲቱ ይቕሬታ እንትሓትት



ስእሊ 2.5 ወለዲ ንደቆም እንትመኽሩ

**ንጥፈት 2.2.**


ስእሊ 2.2. ክሳብ 2.5. ምስ ተዓዘብኩም ኣብ ገዛኹም ተርእይዎ ፅቡቕ ስነምግባር ኣየናይ ምኳኑ ተዛረቡ።


## 2.1.2 ኣባላት ስድራ ንኽነብሩ ዝሰርሕዎም ስራሕቲ

ኣብ ገዛኹም እንታይ እንታይ ትሰርሑ?

ስራሕ ምስራሕ ንምንታይ የድሊ?

**ንጥፈት** 2.3 ብመሰረት ኣብ ታሕቲ ቀሪቡ ዘሎ ስእሊ 2.6 እንታይ ዓይነት ስራሕ ከምዝሰርሑ ብቃል ተዛረቡ።

| ስእሊ |
| --- |
|  |
|  |
|  |




ስእሊ 2.6 ዝተፈላለዩ ስራሕቲ

**ንጥፈት 2.4..**

1. ኣባላት ስድራኹም ኣቦኹም፣ ኣዴኹም፣ ኣሕዋትኩም እንታይ ከም ዝሰርሑ ተዛረቡ።
2. ኣብ ከባቢኹም ልሙድ ዝኾነ ስራሕ ግለፁ?
3. ምስዓበኹም ኣብ እንታይ ዓይነት ስራሕ ክትሰርሑ ከምትደልዩ ምስ ተዛረብኩም ብተግባር ኣምሲልኩም ኣርእዩ።

## 2.1.3.. ምፍጣር ፅቡቕ ርክብ ምስ ካልኦት ኣባላት ስድራ

ምስ ጎረባብትኹም ኣብ ምንታይ ትተሓጋገዙ?



ስእሊ 2.7 ሓቢሮም ከባቢኦም እንተልምዑ፡፡



ስእሊ 2.8 ዝሓመመ ጎረቤት  እንትሓቱ

**ንጥፈት 2.5** ምስ ካልኦት ኣባላት ስድራ ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ተረኺብኩም ትገብርዎ ምንቅስቓስ ብተግባር ሰሪሕኩም ኣርእዩ።

ኣብነት
- ኣከባብራ በዓላት
- ልደትኩም
- ጎረቤት ምሕጋዝ
- ምኽሪ ካብ ዓበይቲ ወለዲ እንትሰምዑ ወዘተ

## 2.2 ስድራና ምግቢ፣ ክዳንን መፅለልን የድልዮም

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ

- ሕርሻ ፍልፍል ዝብላዕ ምግቢ ምኳኑ ተለልዩ።
- ኣብ ገዛኹም ዝርከቡ ፍርያት ኣዝርእቲ ትዛረቡ።
- ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክዳን ተለልዩ።
- ንኽዳን መስርሒ ዝጠቕሙ ነገራት ትፀርሑ።
- ዝተፈላለዩ ዓይነት መፅለሊ ተለልዩ።
- ንመስርሒ መፅለሊ ዝጠቕሙ ነገራት ትፀርሑ።


### 2.2.1 ምግቢ



ኣብ ከባቢኹም ንምግብነት ትጥቀምዎ ግለፁ።

**ፍልፍል ምግቢ**

ፍልፍል ምግቢ ከባቢኹም ፀውዑ፡፡

**ንጥፈት** 2.6 ነቲ ስእሊ ብምርኣይ ኣዘዉቲርኩምን ሓልሓሊፍኩምን ትምገብዎ ምግቢ ተዛረቡ ፡፡

| | ዓይነት ምግቢ | ኣዘዉቲርኩም እትምገብዎ | ሓልሓሊፍኩም እትምገብዎ |
|---|---|---|---|
| 1 |  ሙዝ | | |
| 2 |  ሞኮረኒ | | |
| 3 |  እንጀራ | | |
| 4 |  ስጋ | | |

| | | | |
|---|---|---|---|
| 5 | <br>ቆስጣ | | |
| 6 | <br>ሕምባሻ | | |

ስእሊ 2.9 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ምግቢ

## ልሙዳት ዘራእቲ


ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ልሙዳት ዘራእቲ ዘርዝሩ?



ምሽላ ባሕሪ



ዓተር ባሕሪ



ምሽላ






ጣፍ

ስእሊ 2.10 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ዘራእቲ

ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ዘራእቲ መዓዝ ይዝርኡ? መኣዝከ ይዕፀዱ?

ሓድሓደ ዘራእቲ ኣብ ወርሒ ሰነ ይዝርኡ፡
ሓድሓደ ዘራእቲ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ይዕፀዱ፡፡
ሓድሓደ ዘራእቲ ኣብ ታሕሳስ ይሕፈሱ፡፡

**ንጥፈት** 2.7 ነዚ ዝስዕብ ሰደቓ ብምርኣይ ኣብ ከባቢኹም ዝቦቕሉን ዘይቦቕሉን ፍለዩ፡፡
ካልኦት እትፈልጥዎም ዘራእቲ ዘርዝሩ፡፡

| ዘራእቲ | ኣብ ከባቢኹም ዝቦቕሉ | ኣብ ከባቢኹም ዘይቦቕሉ |
|---|---|---|
|  **ስርናይ** | | |
|  **ዓተር ባሕሪ** | | |
|  **ስገም** | | |
|  **ዳጉሻ** | | |

ስእሊ 2.11 ዝተፈላለዩ ዘራእቲ

**ፍርያት ዝራእቲ**

**ኣብ ከባቢኹም ካብ ዝርከቡ ፍርያት ዝራእቲ ዘርዝሩ፡፡**

**ንጥፈት 2.8**



ካብ ፍርያት ዝራእቲ ንረኽቦም ዓይነታት ምግቢ ተዛረቡ

| ዓይነታት ዘርኣት | ዓይነታት ምግቢ |
|---|---|
| ስገም | |
| ጣፍ | |
| ስርናይ | |
| ምሽላ ባሕሪ | |

## 2.2.2 ክዳን

### ዓይነታት ክዳን

ኣብ ከባቢኹም ልሙዳት ዝኾኑ ዓይነት ክዳውንቲ ተዛረቡ።

| **ንጥፈት** 2.9 ነዞም ዝስዕቡ ስእልታት ምስረኣይኩም እንታይ ዓይነት ክዳን ምዃኖም ግለፁ | |
|---|---|
|  | ውሽጢ ስረ (ብታንቲ) |
|  | ጃኬት |
|  | ቁምጣ ስረ |
|  | ኮበርታ |
|  | ቀምሽ |
|  | ሸሚዝ |

ስእሊ 2.12 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክዳን

## ንምስራሕ ክዳን ዝጠቕሙ ነገራት

ክዳን ካብ ምንታይ ይስራሕ?

ክዳን ካብ ጡጥ፣ናይሎን፣ ሃርን ቆርበትን ይስራሕ።

| ንጥፈት 2.10 ካብ ምንታይ ከም ዝተሰርሑ ተዛረቡ | |
|---|---|
| ስእሊ | ካብ እንታይ ይስራሕ? |
|  ጋቢ | |
|  ስረ | |
|  ጎልፎ | |
|  ቀምሽ | |

ስእሊ 2.13 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ክዳን

## 2.2.3 መፅለሊ


**ገዛ ንምንታይ ይጠቅም?**

**ገዛ ካብ ዛሕሊ፣ ሙቐትን ንፋስን ንምክልኻል ይጠቕም።**

### ዓይነታት መፅለሊ

**ንጥፈት 2.11**

ኣብዚ ሰደቓ ዘለዉ ስእልታት ብምስትውዓል ስሞም ፅርሑ፡፡

| ስእሊ ገዛውቲ | ዓይነት ገዛ |
|---|---|
|  | |
|  | |
|  | |
|  | |

ስእሊ 2.14 ዝተፈላለዩ ዓይነታት መፅለሊ

**ናውቲ መስርሒ ህንፃ**

**ንገዛ መስርሒ ዝጠቕሙ ናዉቲ ተዛረቡ፡፡**

**ገዛኹም ካብ ምንታይ ከምዝተሰርሐ  ተዛረቡ፡፡**

**ጭቃ፣ ሳዕሪ፣ እምኒ፣ ብሎኬት፣ ዕንፀይቲን ቆርቆሮን ንምስራሕ ገዛ ይጠቕሙ፡፡**

| |
|---|
| **ንጥፈት** 2.12<br>**ኣብ ቤት ትምህርትኹም ዝርከቡ መምሃሪ ክፍልታት ኣስተውዕሉ፡፡**<br>**እቶም መምሃሪ ክፍልታት ካብ ምንታይ ከምዝተሰርሑ ግለፁ፡፡** |

## መልመዲ 2.1

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡**

1) **ረብሓ ምግቢ ተዛረቡ።**
2) **ረብሓ ክዳን ዘርዝሩ።**
3) **ጉጂ ዝስርሐሎም ክልተ ነገራት ተዛረቡ።**


## 2.2. ኣቑሑ ገዛ

**ነዚ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ**

- **ስርሒት ዕንፀይቲ ኣቑሑ ገዛ ትፅውዑ።**
- **ኣብነታት ኣቑሑ ኤሌክትሪክ ትዝርዝሩ።**
- **ረብሓ ስርሒት ዕንፀይቲ ኣቑሑ ገዛ ትገልፁ።**

ኣቑሑ ገዛ ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ኣቑሑ ገዛ ዝበሃሉ ስርሒት ዕንፀይቲ ኣቐሑ ገዛ፣ ኣቑሑ ኤሌክትሪክን ኣቑሑ ክሽነን ዘጠቓለሉ እዮም፡፡



ስእሊ 2.15 ኣቑሑ ገዛ

## 2.3.1 ስርሒት ዕንፀይቲ ኣቐሑ ገዛ

ኣብ ከባቢኹም ካብ ዝርከቡ ስርሒት ዕንፀይቲ ኣቐሑ ገዛ ተዛረቡ፡፡

ወንበር፣ ጠረጴዛ፣ መደርደሪ፣ ኮሞዲኖ፣ ዓራት ስርሒት ዕንፀይቲ ኣቐሑ ገዛ እዮም፡፡


**ንጥፈት 2.13. ዓይነት ስርሒት ዕንፀይቲ ኣቑሑ ገዛ ተዛረቡ።**






ስእሊ 2.16 ስርሒት ዕንፀይቲ ኣቑሑ ገዛ

## 2.3.2 ኣቑሑ ኤሌክትሪክ

**ንጥፈት 2.14** ወለድኹም ብምሕታት ኣቑሑ ኤሌክትሪክ ዘርዝሩ፡፡

| ስእሊ | እንታይ ይበሃል? |
|---|---|
|  | |

| | |
|---|---|
|  | |
|  | |

ስእሊ 2.17 ዓይነታት ኣቑሑ ኤሌክትሪክ

ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ካልኦት ኣቑሑ ኤሌክትሪክ ዘርዝሩ፡፡

**ንጥፈት** 2.15.

ነዞም ስእልታት ብምርኣይ ስሪሒት ዕንፀይቲ ኣቑሑ ገዛ፣ ኣቕሑ ክሽነ፣ ኣቕሑ ኢሌክትሪክ፣ እናበልኩም ፈሊኹም ተዛረቡ፡፡

| ስእሊ | |
|---|---|
|  | |

| | |
|---|---|
|  | |
|  | |
|  | |
|  | |

ስእሊ 2.18 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣቑሑ ገዛ

## 2.3.3 ኣቑሑ ክሽነ

**ኣቑሑ ክሽነ ዝበሃሉ ዘርዝሩ።**

> **ንጥፈት 2.16**
>
> **ካብዞም ዝስዕቡ ስእልታት ኣብ ክሽነ ዝርከቡ ተዛረቡ።**




መጎጎ



ፈርኔሎ



ጊባቦ



ፃሕሊ





ጀበና




መውቀጢ ቡን

ስእሊ 2.19 ኣቑሑ ክሽነ

**ንጥፈት 2.17.**
እዞም ዝስዕቡ ስእሊ ኣቑሑ ሪኢኹም ንምንታይ ከምዘገልግሉ ተዛረቡ።

| | | | |
|---|---|---|---|
|  ስልጣንያ |  ኣገልግል |  መጨለፍ |  ማንካ |


ስእሊ 2.20 ንመቕረብን መትሓዝን ምግቢ ዘገልግሉ ኣቑሑ ገዛ

| **ንጥፈት** 2.18 ነዞም ስእልታት ብምርኣይ ንምንታይ ከምዝጠቕሙ ተዛረቡ፡፡ | |
|---|---|
| ዓይነት ኣቕሓ | ንምንታይ ይጠቅም? |
|  | |
|  | |
|  | |
|  | |

ስእሊ 2.21 ዝተፈላለዩ ኣቑሑ ገዛ

## ረብሓ ኣቐሑ ገዛ



**ንጥፈት** 2.19 እዚኦም ንምንታይ ዘገልግሉ ኣቑሑ እዮም?






ስእሊ 2.22 ንመደቀሲ ዘገልግሉ ኣቑሑ ገዛ

## ረብሓ ስርሒት ዕንፀይቲ ኣቑሑ ገዛ

**ንጥፈት** 2.20፥- ነቲ ስእሊ ብምርኣይ ረብሕኡ ተዛረቡ፡፡

| ስእሊ | ረብሓ |
|---|---|
|  | ኮፍ ንምባል |
|  | |
|  | |

| | |
|---|---|
|  | |
|  | |
|  | |
|  | |
|  | |



ስእሊ 2.23 ስራሒት ዕንፀይቲ ኣቑሑ ገዛ

ስርሒት ዕንፀይቲ ኣቑሑ ገዛ መቐመጢ፣ መደርደሪ መፃሕፍትን ንመደቀስን ይጠቕሙና፡፡

ኣብ ገዛኹም ዝርከቡ ካልኦት ኣቑሑ ገዛ ስምን ረብሓን ተዛረቡ፡፡

## ረብሓ ኣቑሑ ኤሌክትሪክ

**ንጥፈት** 2.21 ረብሓ እዞም ዝስዕቡ ኣቑሑ ኤሌክትሪክ ተዛረቡ፡፡

| ኣቑሑ ኤሌክትሪክ | ረብሓ |
|---|---|
|  መስታረሪ /ካውያ/ | |
|  ሞጎጎ ኤሌክትሪክ | |
|  ድስቲ | |

ስእሊ 2.24 ኣቑሑ ኤሌክትሪክ

ኣምፖል፣ ሓቋፊ ኣምፖል፣ መብርህን መጥፍእን ኣቑሑ ኤሌክትሪክ እዮም፡፡

## ረብሓ ኣቑሑ ክሽነ

ኣብ ገዛኹም ዝርከቡ ኣቑሑ ክሽነ ተዛረቡ፡፡

| **ንጥፈት** 2.22 እዞም ዝስዕቡ ስእልታት ሪኢኹም ረብሓኦም ተዛረቡ። | | |
|---|---|---|
| **ነዞም ዝስዕቡ ኣዛምዱ፡፡** | | |
| ስእሊ | | ረብሓ |
|  ሀ) | | መሰንከቲ እንጀራ |
|  ለ) | | መቕረቢ መኣዲ |
|  ሐ) | | መስተዪ ማይ |
|  መ) | | ድስቲ |

ስእሊ 2.25 ኣቑሑ ክሽነ

ኣቑሑ ብመሰረት ዝህብዎ ረብሓ ከምዝስዕብ እናዛመድኩም ኣንብቡ፡፡

| ረብሓ | ዓይነት ኣቕሓ |
|---|---|
| ንምድቓስ | ዓራት |
| ኮፍ ንምባል | ወንበር |
| ንስራሕ ቢሮ | ጠረጴዛን ሽልፍን ኣርማድዮታትን |
| ንምድላው ምግቢ | መጎጎ፣ በራድ፣ መጥበሲ፣ ካራ |
| ንምርካብ ሓበሬታ | ቴሌቪዥን፣ ሬድዮ |
| ንመብራህቲ | ኣምፑል፣ ሽምዓ፣ ቅራሮት፣ ጧፍ |
| ንምቑርጣጥ ፀጉሪ | መቐስ |
| ንመብሰሊ | ድስቲ፣ ቁራፅ፣ፃሕሊ |
| ንመብልዒ | ማንካ፣ ፋርኬታ |



## መልመዲ 2.2

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት "ሓቂ" ወይ "ጌጋ" ብምባል ተዛረቡ፡፡**

1. ጎፍላ መብልዒ እንጀራ እዩ፡፡
2. ዋንጫ መስተዪ ቡና እዩ፡፡
3. ጊባቦ ንመሰንከቲ እንጀራ ይጠቅም፡፡

# ድሕንነት ኣብ ገዛ

## ሓደጋ ኤሌክትሪክ

| ንጥፈት 2.23<br>ነዞም ዝስዕቡ ስእልታት ብምርኣይ እንታይ ዓይነት ሓደጋ ከምዘብፅሑ ተዛረቡ። | |
|---|---|
| **ስእሊ** | **እንታይ ኮይኑ ?** |
|  | |
|  | |
|  | |

ስእሊ 2.26 ሓደጋ ዘብፅሑ ተግባራት

ካብ ሓደጋ ኤሌክትሪክ ተጠንቀቑ፡፡


ገመድ ኤሌክትሪክ ብርሑስ ዕንጨይቲ ኣይትንክኡ፡፡

ኣብ ገመድ ኤሌክትሪክ ክዳን አይትስጥሑ።

## ሓደጋ ማይ

እቲ ቆልዓ እንታይ ኮይኑ?

ኣብ ዕምቆት ዘለዎ ማይ ኣይትሓምሱ፡፡



ስእሊ 2.27 ኣብ ቃላይ ዝኣተወ ህፃን

ነቲ ስእሊ ተዓዘቡ፡፡




ስእሊ 2.28 ማይ ቡንቧ እናሰተየት ዝተሰርነቖት ህፃን

ብዘይ መኻድሒ ማይ እንተሰቲና ንስርነኻ፡፡
ማይ ካብ ቡንቧ ብመኻድሒ ክንሰቲ ኣለና።

**ሓደጋ እቶን**


እቲ ቆልዓ እንታይ ኮይኑ?

እቶን ብኢድኩም እንተሒዝኩም ስለእትቃፀሉ ክትጥንቀቑ ኣሎኩም፡፡



ስእሊ 2.29 ብጉልበት ሙቀት እቶን ዘቃፀሎ ህፃን

**ሓደጋ መስታረሪ /ካውያ/**



ስእሊ 2.30 ብመስታረሪ /ካውያ/ ሓደጋ ዝበፅሖ ህፃን

ዝረሰነ መስታረርን /ካውያ/ እቶንን ክትሕዙ የብልኩምን፡፡

ነቶም ስእልታት ኣስተውዕሉ፡፡

እቲ ቆልዓ እንታይ ኮይኑ?     እታ ቆልዓ እንታይ ኮይና?



ስእሊ 2.31 በሊሕ ላማ ኢዱ ዝሓረዶ በላሕቲ ነገራት ክይሓርደኩም ኣይትሓዙ።



ስእሊ 2.32 ፍሉሕ ማይ ዝፈሰሳ ህፃን ናብ ዝፈልሐ ማይ ኣይትቕረቡ።


**ንጥፈት 2.24**

ኣብ ከባቢኹም ዝበፀሐ ሓደጋ እንተሊዩ ተዛረቡ።

ሓደጋ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ ኣካላትኩም ወይ ንብረትኩም ዝበፅሕ ጉድኣት እዩ።

**ንጥፈት 2.25**

ኣብ ገዛኹም ዝርከቡ ኣቑሑ ገዛ ብምዝርዛር ካብ ምንታይ ከምዝተሰርሑ ኣብ ክፍሊ ተዛረቡ።

| ስእሊ ኣቕሓ ገዛ | ካብ እንታይ ተሰሪሖ ? |
|---|---|
|  | |
|  | |
|  | |
|  | |


ስእሊ 2.33 ካብ ዝተፈላለዩ ነገራት ዝተሰርሑ ኣቑሑ ገዛ

ንመስርሒ ኣቑሑ ገዛ ዝጠቕሙ ዕንፀይቲ፣ ላስቲክ፣ ሓፂንን ሓመድን እዮም፡፡

## 2.3.4. ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ኣቑሑ ገዛ

### ኣተሓሕዛ ኣቑሑ ገዛ

ኣብ ገዛኹም ኣቑሑ ገዛ ከመይ ከምትሕዙ ተዛረቡ፡፡




ስእሊ 2.34 ዝተሓፀቡ ኣቑሑ ገዛ

- እንምገበሎም ኣቑሑ ገዛ ፅሩያት ክኾኑ ኣለዎም፡፡
- ዝተመገብናሎም ኣቑሑ ናብ ቦትኦም ክቕመጡ ይግባእ።

### ኣቀማምጣ ኣቑሑ ገዛ

| |
|---|
| **ንጥፈት** 2.26. ቀፂሉ ዘሎ ስእሊ ብምርኣይ ብግቡእ ዝተቐመጠን ዘይተቐመጠን ፍለዩ፡፡ |




ሀ. ብግቡእ ዘይተቐመጡ ኣቑሑ ገዛ

ለ. ብግቡእ ዝተቐመጡ ኣቑሑ ገዛ


ስእሊ 2.35 ኣቀማምጣ ኣቑሑ ገዛ

ኣቑሑ ኣብ መደርደሪ ብፅሬት ክቕመጡ ኣለዎም፡፡

| ንጥፈታት 2.27. ግቡእን ዘይግቡእን ኣቀማምጣ ኣቑሑ ፍለዩ፡፡ | | |
|---|---|---|
| ስእሊ | ግቡእ | ዘይግቡእ |
|  | | |
|  | | |
|  | | |

ስእሊ 2.36 ኣቀማምጣ ኣቑሑ ገዛ

እንታይ ይሰርሕ ኣሎ?



ስእሊ 2.37 ኣቑሑ ገዛ እናሓፀበ

ዝረስሐ ኣቕሓ እንተዘይተሓፂቡ እንታይ የስዕብ?

ኣቑሑ ብፅርየት ክተሓዙ ኣለዎም።

ብርጭቆታት ተሰበርቲ ስለዝኾኑ ብግቡእ ክቕመጡ ኣለዎም።

ኣቑሑ ብማይን ሳሙናን ኦሞን ክሕፀቡ ኣለዎም።

## መልመዲ 2.3

**ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ተዛረቡ፡፡**

1. ዘራእቲ እንረኽበሉ ዓይነት ስራሕ እንታይ እዩ?

ሀ. ንግዲ　　　　ሐ. መዓልታዊ ስራሕ

ለ. ውትድርና　　　　መ. ሕርሻ

2. ቅጫ ውፅኢት እንታይ እዩ?

ሀ. ዘራእቲ　　ለ. እንስሳት　　ሐ. ኣሕምልቲ

3. ኣቕሓ ክሽነ ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ኣርማድዮ　　ለ. ፌርኔሎ　　ሐ. ዓራት

4. ጫማ ካብ እንታይ ይስራሕ?

ሀ. ቆርበት　　ለ. ሓፂን　　ሐ.ተንኮበት

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት “ልክዕ” ወይ “ጌጋ” በሉ፡፡

1. ጊባቦ መሰንከቲ እንጀራ እዩ።፡
2. ጉጂ ገዛ ካብ ሳዕሪ ይስራሕ፡፡
3. ጎፍላ መቐመጢ እንጀራ እዩ፡፡
4. ወንበር ካብ ዕንፀይቲ ጥራሕ ይስራሕ፡፡
5. ቡታጋዝ ብማይ ይሰርሕ፡፡

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡

1. ካብ ኣቑሑ ክሽነ ሰለስተ ዘርዝሩ፡፡
2. ንመትሓዚ እንጀራ ዝጠቕሙ ኣቑሑ ክልተ ዘርዝሩ፡፡
3. ንመደርደሪ መፃሕፍቲ ዝጠቅም ኣቕሓ እንታይ ይበሃል?

# ምዕራፍ ሰለስተ


# ቤት ትምህርትና

## 3.1 ቀፅሪ ቤት ትምህርትና

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ፦

- ብዛዕባ ቀፅሪ ቤት ትምህርትኹም ትዛረቡ።
- ንጥፈታት ቤት ትምህርትኹም ትገልፁ።
- ምስ መንን ከመይን ከም ትፃወቱን ከመይ ምሕዝነት ከምትፈጥሩን ትገልፁ።

### 3.1.1 ኣቀማምጣን ትሕዝቶን ቀፅሪ ቤት ትምህርትና



ስእሊ 3.1 ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ

ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ እዞም ዝስዕቡ ተዓዚብኩም ዶ?

| | | |
|---|---|---|
| ኩዕሶ ሜዳ | ሽቓቕ | ቤተንባብ |
| መምሃሪ ክፍሊ | በሪ | ቤተፈተነ |
| ሰንደቕ ዕላማ | ተኽልታት | ቢሮ እዮም፡፡ |

**ንጥፈት 3.1**

1. ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርትኹም ዝርከቡ ቦታታት ምስ ኣስተውዐልኩም ዝረኣኹምዎ ተዛረቡ፡፡
2. ሽቓቕ በበይ ገፅ ከምዝርከብ ግለፁ.፡፡
3. ቤት መፃሕፍቲ ካብ ሽቓቕ ናበይ ገፅ ከም ዝርከብ ግለፁ፡፡



ስእሊ 3.2 ምፅራይ ሽቓቕ

## ኣጠቓቕማ ሽቓቕ



ስእሊ 3.3 ሽቓቕ ብኣግባቡን በብተራን እንትጥቀማ

**ንጥፈት 3.2**
**ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርትኹም ዝተዓዘብኩምዎ ህንፃታትን ካልኦት ነገራትን ሰኣሉ፡፡**
**ኣብ ክፍልኹም ዝተዓዘብኩምዎ ሰኣሉ።**

**ኣብ ሽቓቕ እንትትጥቀሙ ወረቐትን ማይን ንመፅረዪ ተጠቐሙ፡፡**

**ፅሬት ሽቓቕ ሓልዉ፡፡ ድሕሪ ሽቓቕ ኢድኩም ብማይን ብሳሙናን ተሓፀቡ።**

**ንጥፈት 3.3**
**ብዛዕባ ኣተሓሳፅባ ኢድን ምሕላው ፅርየት ሰውነትን ዝምልከት ትፈልጥዎ እንተልዩ ብጉጅለ ኮይንኩም ዘምሩ፡፡**

### 3.1.2. ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝካየዱ ንጥፈታት

ኣብ ቤት ትምህርትኹም ዝካየዱ ንጥፈታት ተዛረቡ?

ነዞም ዝስዕቡ ስእልታት ተዓዘቡ፡፡



ስእሊ 3.4 ተምሃሮ እና ተፃወቱ




ስእሊ 3.5 ተምሃሮ ኩዕሶ እና ተፃወቱ



ስእሊ 3.6 ተምሃሮ ተኽሊታት እናተኽሉን ማይ እንተስትዩን



ስእሊ 3.7 ተምሃሮ ወፍሪ ፅርየት ኣብ ቤት ትምህርቶም እናካየዱ



ስእሊ 3.8 ተምሃሮ ስፖርት እንትሰርሑ


**ንጥፈት 3.4**

ካብ ስእልታት 3.4 ክሳብ 3.8 እንታይ ተዓዚብኩም?

ዝተዓዘብኩምዎም ካልኦት ንጥፈታት ቤት ትምህርትኹም ተዛረቡ።

### 3.1.3 ምስ ካልኦት ተሳኒኻ ምፅዋት

ነቲ ስእሊ ተዓዘቡ፡፡



ስእሊ 3.9 ቆልዑ በብተራ እንትፃወቱ

በብተራ ምፅዋት መግለፂ ፅቡቕ ስነ ምግባር እዩ፡፡

| |
|---|
| **ንጥፈት 3.5.** |
| ካብቲ ስእሊ እንታይ ተዓዚብኩም? |
| ንስኹም ኣብ ቤት ትምህርትኹም እንታይ ትፃወቱ? |
| ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ከመይ ትፃወቱ? |
| ኣብ ክፍሊ ተዛረቡ፡፡ |

## 3.2 ስሪትን ደንብታትን ነኽብር

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ስሪት ቤት ትምህርቲ ምኽባር ብተግባር ተርእዩ።
- ገዛኹምን ኅረባብትኹምን ከመይ ከምተኽብሩ ብተግባር ተርእዩ።

### 3.2.1 ስሪት ቤት ትምህርቲ

| |
|---|
| **ንጥፈት 3.6** |
| ኣብ ቤት ትምህርትኹም ስሪት ኣሎዶ? ሓደ ተምሃራይ እንታይ ክኽብር ከም ዘለዎ ተዛረቡ። |

ስሪት ቤት ትምህርቲ እንብሎም ናውቲ ትምህርቲ ኣማሊኢኻ ምምፃእ፣

ሰዓት ትምህርቲ ምኽባር፣

ደንቢ ኽዳን ምኽዳን፣

ኣብ ክፍሊ ዘይምርባሽ፣

ፅሬትካ ሓሊኻ ምምፃእ፣

ሓፁር ቤት ትምህርቲ ዘይምዝላል፣

ዕዮ ገዛ ሰሪሕኻ ምምፃእ፣

ንዓበይትን መሓዙትካን ምኽባር፣

እዞም ዝስዕቡ ስእሊ ተዓዘቡ። እንታይ ይገብሩ ከም ዘለዉ ተዛረቡ።




ስእሊ 3.10 ስርዓት ሰልፊ እናካየዱ







ስእሊ 3.11 ተምሃሮ ብስርዓት ኣብ ክፍሊ እንትመሃሩ



ስእሊ 3.12 መፅሓፍ ዝሸፍን ተምሃራይ



ስእሊ 3.13 ተምሃሮ ክፍሎም ብሓባር እንተፅርዩ።

| ንጥፈት 3.7 ነቲ ኣብ ሰደቓ ዘሎ ስእሊ ተዓዚብኩም ስራት ምኽባር ወይ ምጥሓስ ኢልኩም ተዛረቡ፡፡ | |
|---|---|
|  | ሓፁር ምዝላል |
|  | ኣብ ክፍሊ እናተመሃሩ |
|  | ሰዓት ዘየኽብሩ ተምሃሮ |
|  | ኣብ መምሃሪ ክፍሊ ኣብ ልዕሊ ዴስክ ወፂኦም እንትፃወቱ |

ስእሊ 3.14 ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ተምሃሮ

## መልመዲ 3.1

**ሀ) ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት “ሓቂ” ወይ “ጌጋ” እናበልኩም መልሱ፡፡**

1. ሰንደቕ ዕላማ ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ኣይርከብን፡፡
2. ተምሃሮ ኣብ ሽቓቕ እምኒ ክጥቀሙ የብሎምን፡፡

**ለ) ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ትኽክል ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡**

1. ዝዓበየ ፍልጠት እንረኽበሉ ቦታ መን ይበሃል?

   ሀ) ገዛ ሐ) ቤት ብልዒ

   ለ) ቤት ትምህርቲ መ) ሕክምና


2. ካብዞም ዝስዕቡ ምኽባር ሰሪት ቤት ትምህርቲ ዝኾነ ፍለዩ፡፡

   ሀ) ሰዓት ምኽባር ሐ) ዕዮ ገዛ ዘይምስራሕ

   ለ) ብሓፁር ምዝላል መ) ደንቢ ኽዳን ዘይምኽዳን

### 3.2.2 ሕግታት ገዛን ጎረባብትን

ኣብ ገዛኹም ክተኽብርዎም ዝግባእ ስነ ስርዓት ተዛረቡ፡፡




ስእሊ 3.15 ንወለድኻን ንዝዓብዩኻ ሰባትን ምኽባር




ስእሊ 3.16 ካብ ገዛኻ ናብ ቤት ትምህርቲ ብእዋንካ ምኻድ



ስእሊ 3.17 ኣብ ገዛኻ ብእዋንካ ዕዮ ገዛ ምስራሕ



ስእሊ 3.18 ኣቑሑ ገዛ ብእዋንካ ምሕፃብ



ስእሊ 3.19 ምስ ጎረባብቲ ከባቢኦም እንተፅርዩ

## መልመዲ 3.2

**ሀ) ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት "ሓቂ" ወይ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ፡፡**

1) ዘንጊዕኻ ናብ ቤት ትምህርቲ ምምፃእ ፅቡቕ እዩ፡፡

2) ምስቆልዑ ጎረባብቲ ተሳኒኻ ምፅዋት ኣየድልን፡፡

**ለ) ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ግለፁ፡፡**

1) ካብ ስራታት ቤት ትምህርቲ ሰለስተ ዘርዝሩ።

2) ካብ ስራታት ገዛ ሰለስተ ዘርዝሩ፡፡

3) ንምንታይ መፅሓፍን ደፍተርን ምሽፋን የድሊ?

## 3.3. ምህላው ፅቡ'ቕ ርክብ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ኣብ ቤት ትምህርት'ኹም ፅቡ'ቕ ምሕዝነት ፈጢርኩም ተርእዩ።
- ኣብ ገዛን ጎረባብት'ኹምን ፅቡ'ቕ ርክብ ንምምስራት ሰናይ ድልየት ተርእዩ።

### 3.3.1. ርክብ ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ገዛን ምስ ጎረባብትን

### ሀ. ርክብ ኣብ ቤት ትምህርቲ

ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስ መን ትፃወቱ?

እዞም ዝስዕቡ ስእሊ ተዓዚብኩም እንታይ ከም ዝገብሩ ዘለዉ ተዛረቡ።




ስእሊ 3.20 ተምሃሮ ሰላም,ታ እንትለዋወጣ



ስእሊ 3.21 ተምሃሮ ብጉጅለ ተሳንዮም እንትመያየጡ



ስእሊ 3.22 ተምሃራይ ንመምህሩ ብትሕትና ሰላም እንትብል



ስእሊ 3.23 ተምሃሮ ብሓባር ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ እንተፅርዩ፡፡

**ንጥፈት 3.8፡-**

ብጉጅለ ተመቓቒልኩም ኣብዞም ዝስዕቡ ብተግባር ሰሪሕኩም ኣርእዩ፡፡

| | |
|---|---|
| ትሕትና | ተሓባባራይነት |
| ግልፅነት | ሓልዮት |
| ምቕሉልነት | ተሓጋጋዛይነት |

## ለ. ርክብ ኣብ ገዛ

ኣብ ገዛኹም ዝረኣዩ መግለፅታት ፅቡቕ ርክብ ተዛረቡ፡፡



ስእሊ 3.24 ቆልዑት ምስ ወለዶም እንትዛተዩ



ስእሊ 3.25 ቆልዑ ንወለዶም እንትሕግዙ



ስእሊ 3.26 ኣሕዋት ሓቢሮም እንትረዳድኡ



ስእሊ 3.27 ወለዲ ንደቆም ክዳን እንትዕድጉ፡፡

**ንጥፈት 3.9**


ተምሃሮ ካልኦት ኣብ ገዛኹም ዝትግበሩ ፅቡቕ ርክባት ተዛረቡ፡፡

ኣብ ገዛ ፅቡቕ ርክብ ምህላው ንምንታይ ይጠቅም?


ንወለድኹም ሓቲትኩም መልሲ ኣቕርቡ።

## ሐ. ርክብ ምስ ጎረባብቲ

**ምስ ጎረባብትኹም ኣብ ምንታይ ከምትራኸቡ ተዛረቡ፡፡**



**ስእሊ 3.28 ጎረባብቲ ተሓባቢሮም ገዛ ይሰርሑ፡**



**ስእሊ 3.29 ጎረባብቲ ከባቢኦም ብሓባር የፅርዩ**



ስእሊ 3.30 ኅረባብቲ ንዝሓመመ ሰብ እንትጥይቑ



ስእሊ 3.31 ኅረባብቲ ኣብ ልምዓት ብሓባር እንትሳተፉ

**ንጥፈት 3.10**

ኣብ ከባቢ`ኹም እትሪኡዎ መግለፂ ፅቡ`ቕ ጉርብትና ተዛረቡ፡፡

**ንጥፈት 3.11**

**ነቲ ስእሊ ብምርኣይ ፅቡቕ ጉርብትና ዝኾነ ተዛረቡ፡፡**

| | |
|---|---|
|  | ጎረባብቲ እንትጨቃጨቑ |
|  | ጎረባብቲ ሰላምታ እንትለዋወጡ |
|  | መንገዲ እናተሓበረላ |

| | |
|---|---|
|  | ኅረባብቲ ኣብ ሓዘን እንትበፅሑ |

ስእሊ 3.32 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ርክብ ኅረባብቲ

## መልመዲ 3.3

**ሀ) ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት "ሓቂ" ወይ "ጌጋ" በሉ፡፡**

1. ተሳኒኻ ምፅዋት መግለፂ ሕማቕ ጉርብትና እዩ፡፡
2. ኅረባብቲ ኣብ ሓዘን ይተሓጋገዙ፡፡

**ለ) ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡**

1. ኣብነታት ፅቡቕ ርክብ ዘርዝሩ።
2. ንወለድኹም እንታይ ትሕግዙ?

## 3.4 ድሕንነት ኣብ ፅርግያ

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ውሑናት ምኽንያታት ሓደጋታት ፅርግያ ትዝርዝሩ።
- ሓደጋታት ፅርግያ ከመይ ከምትከላኸሉ ትገልፁ።
- መንገዲ ብግቡእ ትሰግሩ ንኻልኦት እውን ንክሰግሩ ትሕግዙ።

### 3.4.1 ልሙዳት ሓደጋታት ኣብ ፅርግያ

ሓደጋ እንታይ እዩ?

ሓደጋ ዝበሃል ዘይሓሰብካዮ ሕማቕ ነገር እንትገጥመካ እዩ፡፡

## መንቀሊ ሓደጋታት ኣብ ፅርግያ

| ንጥፈት 3.12 |
|---|
| ተምሃሮ መንቀሊ ሓደጋታት ኣብ ፅርግያ ተዛረቡ፡፡ |

መንቀሊ ሓደጋታት ኣብ ፅርግያ ዝበሃሉ፡-

- ኣብ ፅርግያን ወሰን ፅርግያን ምፅዋት
- ንፀጋምን የማንን ከይረኣኻ ፅርግያ ምቁራፅ
- ግቡእ ዘይኮነ ኣዘዋውራ መኪና
- ሓላዊ ዘይብሎም እንስሳት
- ብውሕጅ ዝተጓሕጉሐ ፅርግያ ዝበሉ እዮም።


| ንጥፈት 3.13 |
|---|
| ናብ ቤት ትምህርቲ ከመይ ትመፁ? |
| ናብ ገዛኹም ከመይ ትኸዱ? |

### 3.4.2 ምክልኻል ልሙዳት ሓደጋታት ኣብ ፅርግያ

ሓደጋታት ፅርግያ ርኢኹምዶ ትፈልጡ?

ከመይከ ምክልኻል ይከኣል? ተዛረቡ፡፡

## መፍለዪ ምልክት ድሕንነት ፅርግያ /ዜብራ/



ስእሊ 3.33 ብዜብራ መንገዲ ምስጋር

እግረኛ ዘቋርፀሉ ፃዕዳን ፀሊምን ሕንፃፅ ፅርግያ (ዜብራ) ምጥቃም።

ፅርግያ ንፀጋምን የማንን ርኢኹም ኣቋርፁ።

## መብራህቲ ትራፊክ

- መብራህቲ ትራፊክ ንምንታይ ይጠቅም?

መብራህቲ ትራፊክ ሓደጋ ይከላኸል።






*ስእሊ 3.34 መብራህቲ ትራፊክ*

**ትርጉም ሕብርታት መብራህቲ ትራፊክ**

**ቀይሕ ሕብሪ፡- መኪና ጠጠው በል እግረኛ ሕለፍ።**

**ብጫ ሕብሪ፡- መኪና ተዳሎ እግረኛ ተጠንቀቕ።**

**ቆፅለዋይ ሕብሪ፡- መኪና ሕለፍ እግረኛ ጠጠው በል።**

<table>
<tr><td colspan="2">ንጥፈት 3.14<br>እዞም ስእልታት ብምዕዛብ ኣብ ፅርግያ ምፅዋት ዘስዕቦ ሓደጋ ተዛረቡ።</td></tr>
<tr><td>1.</td><td></td></tr>
<tr><td>2.</td><td></td></tr>
<tr><td>3.</td><td></td></tr>
</table>

**ስእሊ 3.35 ሓደጋታት ኣብ ፅርግያ**

ነዞም ዝስዕቡ ስእልታት ኣስተውዕሉ፡፡ ዘስተወዐልኩምዎ ግለፁ።



ስእሊ 3.36 *መንገዲ ፀጋመ የማን ሪእኹም ኣቋርፁ፡፡*



ስእሊ 3.37 ንሽማግለ ሓገዝ እንትገብር

**ንጥፈት 3.15**

1. ባዕልኹም ናብ ቤት ትምህርቲ ከመይ ከምትጎዓዙ ንክፍሊ ተዛረቡ፡፡
2. ኣብ ዕረፍቲ እዋን ኣብ ሜዳ ስፖርት ጥንቃቐ ሓደጋ ዕርግያ ተለማመዱ፡፡

- ኣብ መጥወዪ ጠጠው ዘይምባል።
- ኩሎም መንገድታት ምርኣይ፡፡
- መንገዲ ነፃ እንተኾይኑ ቀጥ ኢልካ ምኻድ፣ እናበልኩም ኣብ ሜዳ ተለማመዱ፡፡

## መልመዲ 3.4

**ሀ) ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት "ሓቂ" ወይ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ፡፡**

1. ኣብ ወሰን ዕርግያ ምፅዋት መንቀሊ ሓደጋ እዩ፡፡
2. ምልክት ድሕንነት ዕርግያ ምጥቃም መከላኸሊ ሓደጋ እዩ፡፡

**ለ) ነዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ቅኑዕ መልሲ ምረፁ፡፡**

1. ካብዞም ዝስዕቡ መፍለዪ ምልክት ድሕንነት ዕርግያ ዘይኮነ ፍለዩ፡፡

   ሀ) ቀይሕ ሕብሪ　　　ሐ) ቆፅለዋይ ሕብሪ

   ለ) ብጫ ሕብሪ　　　መ) ፀሊም ሕብሪ

ሐ) ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ተዛረቡ፡፡

1. ካብ መንቀልታት ሓደጋ ኣብ ፅርግያ ሰለስተ ዘርዝሩ፡፡
2. ካብ መከላኸሊ ሓደጋ ፅርግያ ክልተ ተዛረቡ።

## 3.5 ኣብ ቤት ትምህርትና ክንሰርሖም እንኽእል ንጥፈታት

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦


- ወረቐት ተጠቒምኩም ብንፋስ ዝሽክርከሩን ዝነፍሩን ትሰርሑ።

ወረቐት ተጠቒምካ ዝስርሑ መፃወትታት ዘርዝሩ።


ብወረቐት ሞዴል ዝሽክርከሩ ነገራትን ነፈርትን ምስራሕ ይከኣል እዩ።


**ንጥፈት 3.16. ኣሰራርሓ ሽኽርከር**

1. ቁመቱን ጎኑን ማዕረ ዝኾነ ርጉድ ዝበለ ወረቐት ኣዳልዉ።




2. ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ስእሊ ጌርኩም ኣስምርዎ። ቁፅርታት ስርሑ። በቲ ተሰሚሩ ዘሎ ናብ ማእኸል ቅደድዎ።




3. ቁፅሪ 1 ናብ 0
   ቁፅሪ 2 ናብ 0
   ቁፅሪ 3 ናብ 0
   ቁፅሪ 4 ናብ 0 ዕፀፍወን።
4. ነተን ዝተዓፀፋ ንኹለን ኣብ ማዕኸል ብስፒል ወይ ብዕሾኽ ኣተሓሕዝወን።
5. ነቲ ስፒል ኣብ ዕንፀይቲ ውግእዎ።
6. ናይቲ ዕንፀይቲ ጫፍ ሒዝኩም ጉየዩ።






ስእሊ 3.38 ብንፋስ ዝሽክርከር


 

ስእሊ 3.39 ህፃናት ተሽከርካሪ ወረቐት ሒዞም እንትፃወቱ


እቲ ወረቐት ናበይ ተሽከርኪሩ? ብምንታይ ሓይሊ ተሽከርኪሩ? እዚ ምሽክርካር ንፋስ ናበይ ከምዝነፍስዶ ይሕብር?

**ነፋሪት ወረቐት ምስራሕ**

ኣርባዕተ ኩርናዕ ዘለዎ ወረቐት ኣዳልዉ።



ኣብ ፍርቂ ኣርባዕቲኦን ጎንታት ምልክት ግበሩ። ነተን ምልክታት ሀ፣ለ፣ሐ፣መ ኢልኩም ሰይሙወን።




ካብ ‘ሀ’ ናብ ‘ለ’ ኣስምሩ።


ካብ ‘ለ’ ናብ ‘ሐ’ ኣስምሩ።

ካብ ‘ሐ’ ናብ ‘መ’ ኣስምሩ።


ካብ ‘መ’ ናብ ‘ሀ’ ኣስምሩ።





ነቲ ዝሰመርኩምዎ ወረቐት ቀዲድኩም ኣውፅእዎ





‘ለ’ ን ‘መ’ ን ብዕንፀይቲ ጌይርኩም ኣራኽቡ





‘ሀ’ ን ‘ሐ’ ን እውን ብተመሳሰሊ ኣራኽቡ።




ነቲ ዘራኽብኩምዎ ብኽሪ ኣተሓሕዝዎ




ብቕድሚት ነዊሕ መጉተቲ ክሪ ወስኹሉ ብድሕሪት ድማ ጭራ ዝመስል ቀፅልሉ



ስእሊ3.40 ነፋሪት ወረቐት ሰሪሖም እንትፃወቱ

## መልመዲ 3.5

1. ካብ ወረቐት ወፃኢ ዝስርሑ መፃወቲ ተዛረቡ።
2. ባኮ ተጠቒምኩም እንታይ ክትሰርሑ ትኽእሉ? ብተግባር ሰሪሕኹም ኣርእዩ።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ጣብያና

## 4.1. ኣቀማምጣ ጣብያኹም


ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- የማን፣ ፀጋም፣ ቅድሚትን ድሕሪትን ኣንፈታት ትፈልዩ።
- ቤት ትምህርትኹም፣ ገዛኹምን ጎረባብትኹም ዝርከብሉ ኣንፈታት ተመልክቱ።

ስም እትነብርሉ ጣብያ እንታይ ይበሃል?

ቤት ትምህርትኹም  ዝርከበሉ ጣብያ እንታይ ይበሃል?


### 4.1.1 ኣንፈታት ምዝራብ



ስእሊ 4.1 ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ እናተምሃሩ

እዚ ፀሊም ሰሌዳ ነቶም ተምሃሮ ኣብ ቅድሚቶም እዩ፡፡


ንመምህር ግና ኣብ ድሕሪተን እዩ፡፡



ስእሊ 4.2 ሓረስታይ እናሓረሰ

እቶም ኣብዑር ካብቲ ሓረስታይ ናበይ ኣንፈት ይርከቡ?

እቲ ሓረስታይ ካብቶም ኣብዑር ናበይ ኣንፈት ይርከብ?




ስእሊ 4.3 ተምሃሮ ብዝተፈላለየ ኣንፈት ደው ኢሎም

ብየማን ፅገ በርሀ ኣሎ።                ብድሕሪ ሓሰን በርሀ ኣሎ።

ብፀጋም ፅገ ሓሰን ኣሎ።                ብቕድሚ ሓሰን ፅገ ኣላ።

ብየማን ሓሰን ____ ኣላ።                ብድሕሪ በርሀ ____ ኣላ።

ብፀጋም ሓሰን ____ኣላ።                ብቕድሚ በርሀ____ኣሎ።

**ንጥፈት 4.1**

ኣንፈታት ንምፍላይ ኩሎም በብተራ

- በብኽልተ ብምኻን፡፡
- እቲ ሓደ ኣንፈት እናሓተተ እቲ ሓደ ናብ የማን፣ ፀጋም፣ ቅድሚትን ድሕሪትን የርኢ፡፡

ሓታትን መርኣዩን ተቐያይርኩም መሊስኩም ካልኣይ ተሓታተቱ፡፡

**ንጥፈት 4.2**

በብሓሙሽተ ብምጉጃል፡-

- ነቲ ጉጅለ ዝመርሕ ሓደ ምረፁ፡፡
- ናብ ቤት ፅሕፈት ርእሰ መምህርን ቤት ትምህርትኹም ኪዱ፡፡
- ካብቲ ቤት ፅሕፈት ር/መምህር ብኣንፈት የማን፣ ፀጋም፣ ቅድሚት፣ ድሕሪት ዝርከብ እንታይ እዩ?

## 4.1.2 ምምልካት ገዛ፣ ቤት ትምህርትን ጣብያን




ስእሊ 4.4 መንደር

ብቕድሚ ቤት ትምህርቲ ዓብዪ መንገዲ እንትሪኡ

ብየማን ቤት ትምህርቲ ፣

ብድሕሪት ቤት ትምህርቲ፣

ብፀጋም ቤት ትምህርቲ፣ እንታይ ከም ዘሎ ተዛረቡ።

**ንጥፈት 4.3**

ገዛኹም ካብ ቤት ትምህርትኹም በየናይ ኣንፈት ከምዝርከብ ተዛረቡ፡፡

**ንጥፈት 4.4**

- ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ትካላትን ጠቐምቲ ቦታታትን
  ካብ ቤት ትምህርትኹም በየናይ ኣንፈት ይርከቡ?
  ካብ ገዛኹም በየናይ ኣንፈት ይርከቡ?

## 4.2. ህይወት ዘይብሎም ነገራት ከባቢና

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ሃለዋት ኣየር ተርእዩ።
- ጥቅሚ ኣየር ትዛረቡ።
- ሃለዋት ማይ ኣብ ራህያ፣ ዒላ፣ ፈለግ፣ ሩባ ትፀርሑ።
- ጥቕሚ ማይ ትዛረቡ።
- ሓመድ ንዕብየት ተኽሊ ከምዝጠቅም ትዛረቡ።
- ካብ ሓመድ ዝተፈላለዩ ቅርፃ ቅርፂ ትሰርሑ።

ህይወት ዘይብሎም ነገራት ከባቢኹም ዘርዝሩ።

ኣየር ህይወት ዘይብሉ ነገር እዩ፡፡

ማይ ህይወት የብሉን፡፡

ሓመድ እውን ህይወት ዘይብሉ ነገር እዩ፡፡

### 4.2.1 ኣየር

### ሀ. ሃለዋት ኣየር

ፍሕኛ እንታይ መሊኡ?



ስእሊ 4.5 ፍሕኛ ብኣየር እናመልአ

| |
|---|
| **ንጥፈት 4.5**<br>*ሃለዋት ኣየር ምርግጋፅ*<br>ፊሕኛ ነፊሕኹም እቲ ቢከር ፍርቂ ማይ ምስገበርኩም በቲ ነኻል ኣፉ ናብቲ ማይ ዝሓዘ ቢከር ኣፍ ግበርዎ ብተመሳሳሊ ዝተቀደደ ወረቐት ኣኪብኩም ነቲ ዝተነፍሐ ፍሕኛ ኣብቲ ዝተኣከበ ወረቐት ኣፍ ገይርኩም ቀስ ብቐስ ስደድዎ። ዝተዓዘብኩምዎ ንክፍልኹም ተዛረቡ፡፡ |

ኣየር ንነገራት ክደፍኦም /ክብትኖም/ ይኽእል።

| |
|---|
| **ንጥፈት 4.6**<br>ዝተቐደደ ወረቐት ኣኪብኩም ዕንፀይቲ ገይርኩም ነቲ ዝተቐዳደደ ወረቓቕቲ ንላዕሊ በትንዎ። ዝተዓዘብኩምዎ ተዛረቡ። |

### ለ. ጥቕሚ ኣየር

ተኽልታትን እንስሳትን ንኽነብሩ ኣየር የድልዮም፡፡

ኣየር ንምትንፋስ ይጠቅም።

### 4.2.2 ማይ

### ሀ. ማይ ካበይ ይርከብ?

ማይ ካብዞም ዝስዕቡ ይርከብ።



ካብ ራህያ



ካብ ዒላ



ካብ ሩባ



ካብ ዝናብ

ስእሊ 4.6 ፍልፍል ማይ

ካልኦት ፍልፍላት ማይ ትፈልጡዶ? ዘርዝርዎም፡፡


**ለ. ጥቕሚ ማይ**





እንታይ ትገብር ኣላ? እንታይ ይገብር ኣሎ?

እተን ከፍቲ እንታይ ይገብራ ኣለዋ?



ስእሊ 4.7 ጥቕሚ ማይ

ኩሎም ተኽልታትን እንስሳትን ንኽነብሩ ማይ የድልዮም።

### 4.2.3 ሓመድ

- ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ሓመድ ሕብሩ ሓደ ዓይነት ድዩ?
- ሓመድ ዝተፈላለየ ሕብሪ ኣለዎ፡፡
- ቀይሕ፣ ፀሊም፣ ዓ3ን ካልኦትን ሕብሪ ኣለዎ፡፡

**ሀ. ጥቕሚ ሓመድ ንሕርሻ**

ተኽሊ ንኽዓቢ ሓመድ የድልዮ፡፡

ሓመድ ንተኽሊ ምስ መሬት የተሓሕዞ፡፡



ስእሊ 4.8 ሓመድን ሱር ተኽልን

| **ንጥፈት 4.7** |
|---|
| ሓመድ ንተኽሊ ከመይ ከምዝጠቅም ንምርኣይ<br>ጠቐምቲ ተኽልታት ዘይኮኑ ኣናእሽተይ ተኽሊ ምስ ሱሩን ሓመድን ናብ ክፍሊ ኣምፅኡ፡፡<br>እቲ ሱርን ሓመድን ከመይ ከምዝተተሓሓዘ ርአዩ፡፡<br>እቲ ሓመድ ነቲ ተኽሊ እንታይ ረብሓ ይህቦ? ኣብ ክፍሊ ተዘራረቡ። |

## ለ. ሓመድ ንመስርሒ ቅርፃ ቅርፂ

ሓመድ ዝተፈላለዩ ቅርፃ ቅርፂ ንምስራሕ ይጠቅም፡፡

| ንጥፈት 4.8 |
|---|
| ኣብ ገዛኹም ባህላዊ ኣቑሑት እንተሃልዮም ተዓዘቡ፡፡ |
| ካብ ሸኽላ ዝተሰርሐ ኣቑሑት ተዛረቡ፡፡ |

ሓመድ ቅርፃ ቅርፂ ንምስራሕ ይጠቅም፡፡ እዞም ቀፂሎም ዘለዉ ስእልታት ተዓዘቡ፡፡



ሸኽላ ሓመድ እንትልወስ — ዝተለወሰ ሸክላ ሓመድ እንትጥፍጠፍ — ሸክላ ቅርፂ ፊደል “ለ” እንትሰርሕ

ስእሊ 4.9 ብጭቃ ቅርፃ ቕርፂ እናሰርሐ

| ንጥፈት 4.9 |
|---|
| ካብ ሓመድ ቅርፃ ቅርፂ ምስራሕ ሸኽላ ሓመድ እንተሃልዩ ተጠቐሙ፡፡ እንተዘይሃልዩ ግና ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ሓመድ ተጠቐሙ፡፡ ጭቃ ተጠቒምኩም ነዞም ዝስዕቡ ስርሑ። <br>• ክቢ <br>• ትርብዒት <br>• ስለስ ኩርናዕ <br>• ቅርፂ ፊደላት |

ዝሰራሕኹምዎ ቅርፂ ናብ ክፍሊ ኣምፅኡዎ፡፡ እንታይ ከም ዝበሃልን ተዛረቡ፡፡ ኣሰራርሕኡ ንክፍሊ ተዛረቡ፡፡

## 4.3. ህይወታውያን ከባቢና

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ተኽልታት ኣእዋም፣ ቆጥቋጣታትን ኣናእሽተይ ተኽልታትን እናበልኩም ትምድቡ።
- ዝተወሰነ ረብሓ ተኽልታት ትዛረቡ።
- ንተኽልታት ዝግበር ክንክን ትዛረቡ።
- እንስሳት ዘቤትን እንስሳት ዘገዳምን ኢልኩም ትምድቡ።
- ዝተወሰኑ ጥቕምታት እንስሳት ትዛረቡ።
- ብዛዕባ ክንክን እንስሳት ትዛረቡ።

ህይወታውያን ዝበሃሉ እንመን እዮም?

ህይወታውያን ዝበሃሉ እንስሳትን ተኽልታትን እዮም።

### 4.3.1. ተኽልታት

ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ተኽልታት ስሞም ብምፅራሕ ዘለዎም ቁመትን ግዝፈቶምን ተዓዘቡ? ዝተዓዘብኩምዎ ኣብ ክፍልኹም ግለፁ።

### ሀ. ምምዳብ ተኽልታት

ተኽልታት ዝተፈላለየ ቁመት ኣለዎም፡፡ ንሳቶም እውን፡-

1. **ዓበይቲ ተኽልታት፡-** ከም ዓውሕን ፅሕድን ዝበሉ እዮም፡፡






ዓውሒ ፅሕዲ

ስእሊ 4.10 ዓበይቲ ተኽልታት

2. **ማእኸለዎት ተኽልታት፡-** ከም ክሊያውን ጉልዕን ዝበሉ እዮም።





ክሊያው ጉልዒ

ስእሊ 4.11 ማእኸለዎት ተኽልታት

3. **ኣናእሽተይ ተኽልታት፦** ከም ሳዕርን ስርናይን ዝበሉ እዮም፡፡



ሳዕሪ



ስርናይ

ስእሊ 4.12 ኣናእሽተይ ተኽልታት

**ንጥፈት 4.10.**

1. በብኣርባዕተ ተጎጀሉ፡፡
2. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ወይ ከባቢኹም ዘለዉ ተኽልታት ተዓዘቡ፡፡
3. ብመንፅር ቁመቶም ኣብ 3 መዲብኩም ተዛረቡ፡፡

| | ዓበይቲ ተኽልታት | ማእኸለዎት ተኽልታት | ኣናእሽተይ ተኽልታት |
|---|---|---|---|
| 1 | | | |
| 2 | | | |
| 3 | | | |
| 4 | | | |
| 5 | | | |


## ለ. ጥቕሚ ተኽልታት

ኣብ ከባቢኹም ተኽልታት ንምንታይ ከምትጥቀምሉም ዘርዝሩ?

ተኽልታት ዝተፈላለየ ጥቕሚ ኣለዎም፡፡

> **ንጥፈት 4.11**
> ኣብ ከባቢኹም ካብ ዝርከቡ ንምግብነት ዝጠቕሙ ዓይነታት ተኽሊ ተዛረቡ፡፡

1. ንምግቢ




ስእሊ 4.13 ንምግብነት ዝጠቕሙ ዓይነት ተኽልታት


2. ንመጋየዒ

ኣብነት፡- ዕምበባታት



ስእሊ 4.14 ኣብ ደገኣፍ ገዛ ዘሎ ዕምበባ

3. ገዛ ንምስራሕ





ስእሊ 4.15 ካብ ዕንፀይቲ ዝተሰርሑ ገዛውቲ

4. ንሓፁር

እቲ ገዛ ብምንታይ ተሓፂሩ?



ስእሊ 4.16. ዝተሓፀረ ገዛ

5. ንነዳዲ



ብምንታይ ትስንከት ኣላ?

**ንጥፈት** 4.12

ካልኦት ጥቕምታት ተኽሊ ተዛረቡ።

## ሐ. **ክንክን ተኽልታት**

ተኽልታት ዝድለ ጥቕሚ ንክህቡና ክንክን የድልዮም።

ተኽልታት ከመይ ከምንከናኽኖም ግለፁ?

1. ተኽልታት ንኽዓብዩ ማይ ክሰትዩ ኣለዎም፡፡



ስእሊ 4.17 ማይ እናስተዩ

2. ኣብ ተኽልታት ፃህያይ እንተቦቒሉ ክፅሀ ኣለዎ።



ስእሊ 4.18 እናፀሃዩ

3. ተኽልታት ፅቡቕ ምህርቲ ንኽህቡ ድኹዒ ክግበረሎም ኣለዎ።




ስእሊ 4.19 ተኽልታት ብፅቡቕ ክዓብዩ ድኹዒ እናተገበረሎም

4. ተኽልታት ምኹስኳስ ንዕብየቶም ኣድላዪ እዩ።



ስእሊ 4.20 መሬት እናላሳለሱ

5. ተኽልታት ብእንስሳት ከይብልዑ ክንሓፅሮም ኣለና፡፡



ስእሊ 4.21 ተኽልታት ሓፁር እናተገበረሎም

**ንጥፈት 4.13.**

- ማይ ዘይሰተየ ተኽሊ እንታይ ይኸውን?
- ዘይተፅሃየ ተኽሊ እንታይ ይኸውን?
- ዘይተኮስኮሰ ተኽሊ እንታይ ይኸውን?
- ዱኽዒ ዘይግበሮ ተኽሊ እንታይ ይኸውን?
- ሓፁር ዘይብሉ ተኽሊ እንታይ ይኸውን?

ንክፍልኹም ተዛረቡ።

## 4.3.2 እንስሳት

እንስሳት ህይወታውያን እዮም፡፡

### ሀ. ምደባ እንስሳት

ኣብ ከባቢ'ኹም ዘለዉ እንስሳት ዘርዝሩ።


እንስሳት ብኣነባብሮኦም ኣብ ክልተ ይምደቡ፡፡

ንሳቶም እውን እንስሳት ዘቤትን እንስሳት ዘገዳምን ይበሃሉ፡፡

### 1. እንስሳት ዘቤት

እንስሳት ዘቤት ዝበሃሉ ምስ ሰብ ዝነብሩ እንስሳት እዮም፡፡

ኣብነት፡-



ድሙ          በጊዕ          ደርሆ

ስእሊ 4.22 እንስሳት ዘቤት

ካልኦት ኣብነታት እንስሳት ዘቤት ዘርዝሩ፡፡

### 2. እንስሳት ዘገዳም

እንስሳት ዘገዳም ምስ ሰብ ዘይነብሩ እንስሳት እዮም፡፡

ኣብ በረኻ ዝነብሩ እዮም፡፡

**ኣብነት፡-**




ኣምበሳ ቡኻርያ ዝብኢ

ስእሊ 4.23 እንስሳ ዘገዳም

ካልኦት ኣብነታት እንስሳት ዘገዳም ዘርዝሩ፡፡

**ንጥፈት 4.14**

ነዞም ዝስዕቡ እንስሳት ዘቤትን እንሰሳት ዘገዳምን ኢልኩም መድብዎም።




ስእሊ 4.24 ዝተፈላለዩ እንስሳት

## ለ.ጥቕሚ እንስሳት

እንስሳት እንታይ  ጥቕሚ ይህቡና?

1. ንምግቢ

ካብ እንስሳት ስጋ ንረክብ፡፡          ካብ እንስሳት ፀባ ንረክብ

ካብ ደርሆ ስጋን እንቁላሊሕን ንረክብ።  ካብ ንህቢ መዓር ንረክብ።


ስእሊ 4.25 ጥቕሚ እንስሳት

ጥዕናና ንምሕላው ስጋ ኣብሲልና ክንበልዕ ይግባእ፡፡


| |
|---|
| **ንጥፈት 4.15**<br>ስጋ ካብ ምንታይ ከምንረክብ ዘርዝሩ። |

## 2. ዝተፈላለዩ ናውቲ ንምስራሕ

ካብ ቆርበት እንስሳት እንታይ ይስርሕ?



ጃኬት ቦርሳ ጫማ



መዕጥቖ ማእሲ ለቖታ

ስእሊ 4.26 ካብ ቆርበት ዝተሰርሑ ናውቲ

**ንጥፈት 4.16.**

ኣብ ከባቢኹም ካልኦት ካብ ቆርበት ዝስርሑ ነገራት ኣለዉዶ፡፡ ንሰባት ብምሕታት ኣብ ክፍሊ ተዛረቡ፡፡

## 3. ንመጓዓዝያ

ኣብ ከባቢኹም ንመጓዓዝያ ዝጠቕሙ እንስሳት እንመን እዮም?




ኣድጊ ኣቑሑ የጓዓዕዝ፡፡



ግመል ኣቑሑ የጓዓዕዝ፡፡



ኣቑሑ ብጋሪ ይጓዓዓዝ፡፡



ሰብ ብበቕሊ ይጓዓዝ፡፡

ስእሊ 4.27 ንመጓዓዝያ ዝጠቕሙ እንስሳት

**ንጥፈት 4.17**


ነቶም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ስእልታት ርኣዩ። ሰብ ዘጓዓዕዙ ኣየኖት እዮም?

ንኣቑሑት ዘጓዕዙ እንመን እዮም?

## ሐ. ክንክን እንስሳት

እንስሳት ዝድለ ጥቕሚ ንክህቡና ክንከናኸኖም ይግባእ።

እንስሳት ከመይ ከም እንከናኸኖም ተዛረቡ?



እንስሳት ክንምግቦም ኣለና።





እንስሳት ማይ ክነስትዮም ኣለና።




እንስሳት መንበሪ ክንሰርሐሎም አለና።

ስእሊ 4.28 ክንክን እንስሳት ዘቤት

እዞም ቆልዑት ዝገብርዎ ዘለዉ ትኽክል ድዩ?



ኣዕዋፍ ብወንጭፍ እንተባርርዎም



ንንህቢ እንተገራግሮ

ስእሊ 4.29 እንስሳት እንትተናኾሉዎም

ንእንስሳት ክንተናኾሎም የብልናን፡፡

## መልመዲ4.1

1. ተኽልታት ብቑመቶምን ግዝፈቶምን ኣብ ክንደይ ከምዝምደቡ ተዛረቡ፡፡
2. ኣብነት ኣናእሽተይ ተኽልታት ዘርዝሩ፡፡
3. ጥቕሚ ተኽልታት ዘርዝሩ፡፡
4. እንስሳት ብመነባብሮኦም ኣብ ክንደይ ይምደቡ?
5. እንስሳት ብኸመይ ንከናኽኖም፡፡

## 4.4 ልሙዳት ንጥፈታት ሕብረተሰብና

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ረብሓ ስራሕ ትዛረቡ።
- ዓይነታት ስራሕ ውልቀን መንግስታውን ብምባል ትምድቡ።
- ብስርሖምን ኣብ ገዝኦም ብዝሰርሕዎ ቀለልቲ ስራሕትን ከም ትሕበኑ ተርእዩ።

### 4.4.1. ጥቕሚ ስራሕ

ሰባት ስራሕ ንምንታይ ከምዝሰርሑ ተዛረቡ?

ስራሕ ገንዘብ ንምርካብ ይጠቅም፡፡

ብገንዘብ ድሌት ምግቢ ነማልእ፡፡

ሓረስታይ ድልየት ምግቢ ከመይ የማልእ?



ስእሊ 4.30 ስድራ ምግቢ እናተመገቡ

ብገንዘብ ድሌት ክዳን ነማልእ፡፡



ስእሊ 4.31 ህፃናት ኣብ ገዝኦም ክዳኖም ወለዶም እናኸደንዎም ብገንዘብ ገዛ ንሰርሕ፡፡



ስእሊ 4.32 ስድራ መንበሪ ገዛ ሰሪሖም

ስራሕ ምስሰራሕኻ ገንዘብ ትረከብ፡፡ ብገንዘብ ድማ ዘድልየካ ነገር ንምግዛእ ይከኣል የድሊ።

## 4.4.2. ምምዳብ ዓይነታት ስራሕ

**ንጥፈት 4.18.**

ተምሃሮ ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ሰባት ዝተዋፈርሉ ዓይነት ስራሕቲ ንመምህር ተዛረቡ፡፡

ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እንትበሃል ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፡፡


- ብውልቅኻ ምስራሕ፣
- ኣብ ወልቀ ትካል ተቖፂርካ ምስራሕ፣
- ኣብ መንግስቲ ተቖፂርካ ምስራሕ፣

### ብውልቅኻ ምስራሕ

ብውልቅኻ ምስራሕ ማለት እንታይ ማለት እዩ?





ስእሊ 4.33 ነጋዳይ



ስእሊ 4.34 ሓረስታይ

## ኣብ ውልቀ ትካል ተቖጺርካ ምስራሕ

ኣብ ውልቀ ትካል ምስራሕ እንታይ ማለት እዩ?



ስእሊ 4.35 ነዳቓይ



ስእሊ 4.36 መዓልታዊ ሰራሕተኛ

## ኣብ መንግስቲ ተቖጺርካ ምስራሕ

ኣብ መንግስቲ ተቖጺርካ ምስራሕ እንታይ ማለት እዩ?



ስእሊ 4.37 መምህር




ስእሊ 4.38 ፖሊስ




ስእሊ 4.39 ሓኪም

### 4.4.3. ክብሪ ስራሕ


ዝኾነ ስራሕ ብትግሃት ክስራሕ ኣለዎ፡፡

ኩሉ ስራሕ ክቡር እዩ፡ ስራሕ ኣይንዓቕን፡፡





ሓኪም ነዳቓይ





ሓረስታይ ሸቃላይ

ስእሊ 4.40 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ስራሕ

**ንጥፈት 4.19 ተምሃሮ በብሓሙሽተ ተጎጂልኩም፡፡**

**ካብዞም ዝስዕቡ ስራሕቲ ሓድሓደ ብምምራፅ ዝሰርሕዎ ዝርዝር ስራሕ ተዛረቡ።**

1. **ሓረስታይ**
2. **ሹፌር**
3. **መምህር**
4. **ተምሃራይ**



**ስእሊ 4.41 ብቖልዑ ብትርፊ ሰዓት ዝስርሑ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ስራሕ**

ብትርፊ ግዘ ቆልዑ ዝሰርሕዎም ስራሕቲ

ንወለድን ንኣጋይሽን ኢድ ምሕፃብ፣ ካልኡት እንስሳ ዘቤት

ምሕላው፣ ገዛ ምኹስታር፣ ዝተልኣኽካዮ ምብፃሕ ወዘተ እዮም።

**ንጥፈት 4.20**

ተምሃሮ ንስድራኹም ንምሕጋዝ ኣብ ትርፊ ግዜኹም እትሰርሕዎ ስራሕ ንኽፍሊ ተዛረቡ፡፡

እዚ ስራሕ ብምስራሕኹም እንታይ ከም ዝስመዐኩም ግለፁ?

## መልመዲ 4.2

1) ስራሕ ንምንታይ ይጠቅም?
2) ውልቀ ስራሕ እንታይ ማለት እዩ?
3) ተቖፂርካ ኣብ ውልቀ ትካል ምስራሕ እንታይ ማለት እዩ?
4) ኣብ መንግስቲ ተቖፂርካ ምስራሕ እንታይ ማለት እዩ?
5) ስራሕ ዘይምስራሕ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ?

## 4.5. መጓዓዝያ ከባቢና

ነዚ ንኡስ ርእሲ ምስተምሃርኩም ተምሃሮ ፦

- ረብሓ መጓዓዝያ ትዛረቡ።
- ኣብነታት ባህላዊ መጓዓዝያ ትገልፁ።
- ኣብነታት ዘበናዊ መጓዓዝያ ትዝርዝሩ።

ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ዓይነታት መጓዓዝያ ተዛረቡ፡፡

## 4.5.1. ጥቕሚ መጓዓዝያ



ስእሊ 4.42 ዝተፈላለዩ ዓይነታት መጓዓዝያ

መጓዓዝያ ዝበሃል ካብ ሓደ ከባቢ ናብ ካልእ ከባቢ ሰብን ኣቑሑን ንምጉዕዓዝ ዝጠቅም እዩ፡፡

**ንጥፈት 4.21**


1. እኽሊ ናብ ዕዳጋ ብምንታይ ከምዝጓዓዓዝ ተዛረቡ?
2. ኣብ ፋብሪካ ዝሰርሑ ኣቑሑ ናብ ተጠቀምቲ ብምንታይ ከምዝጓዕዓዝዎ ግለፁ?

ፅርግያ ንመጓዓዝያታት ሓጋዚ እዩ።


**ንጥፈት 4.22**

**ፅርግያ እንተዘይህሉ እንታይ ፀገም ምሃለወ ንስድራኹም ወይከዓ ካልኦት ሰባት ሓቲትኩም ኣብ ክፍሊ ግለፁ፡፡**


## 4.5.2 ባህላዊ መጓዓዝያ



ኣድጊ



በቕሊ



ግመል

ስእሊ 4.43 ባህላዊ መጓዓዝያ


እዞም መጓዓዝያታት ኣብ ከባቢኹም ኣለዉዶ?

ባህላዊ መጓዓዝያታት ቅልጣፈ የብሎምን፡፡

**ንጥፈት 4.23** ተምሃሮ ምስ ስድራኹም ናብ ካልእ ቦታ ከይድኩም ትፈልጡዶ? ብምንታይ ከይድኩም? ንመምህር ተዛረቡ፡፡

### 4.5.3 ዘበናዊ መጓዓዝያ

ዘበናዊ መጓዓዝያ ዝበሃሉ ኣየኖት እዮም?




ስእሊ 4.44 ዘበናዊ መጓዓዝያ

# መፍትሒ ቓላት

| | |
|---|---|
| 1. ጉዕ | ቃርያ |
| 2. ቀይሕ ዓተር | ሽምብራ |
| 3. ዕፉን | ምሽላባሕሪ፣ ዒልቦ |
| 4. መዕጥቆ | ቁልፊ፣ቀበቶ |
| 5. ኣጉዶ | ጉጂ |
| 6. ኣሞ | ሓፍቲ ኣቦ |
| 7. እኖ ሓጎ | እኖ እምበይተና |
| 8. ኣቦ ሓጎ | ኣቦ ጎይታና |
| 9. ሓትኖ | ሓፍቲ እኖ |
| 10. ዳንጋ እግሪ | ፌርሲ ዳንጋ |
| 11. ቤት ፅሕፈት | ቢሮ |
| 12. ዘንጊዕኹም | ደንጒኹም |
| 13. እስክርቢቶ | ቢሮ |
| 14. ነፋሪት | ኣውሮፕላን |
| 15. እንቁላሊሕ | እንቋቑሖ |
| 16. ውሽጢ ስረ | ብታንቲ |

# ከባቢያዊ ሳይንስ

## 1ይ ክፍሊ

## መፅሓፍ ተምሃራይ

ዋጋ ብር 29.84

ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ